# HIV/AIDS (ኤችኣይቪ/ኣይድስ) መሰረታዊታት



## ናይ ስልጠና ኮርስ ንሰራሕተኛታት ጥዕናን ማሕበራት ተሓከምቲን

### ርክብ ምስ ተሓከምቲ ንምምሕያሽ


**Paola De Castro, Federica Magné, Paola Tatarelli**


CASA

**Toolkit(ናይ መጋበሪያ መሳርሒ )**
**2**

TIGRAY
HEALTH BUREAU

# HIV/AIDS መሰረታዊታት

## ናይ ስልጠና ኮርስ ንሰራሕተኛታት ጥዕናን ማሕበራት ተሓከምቲን

ርክብ ምስ ተሓከምቲ ንምምሕያሽ


**Paola De Castro*, Federica Magné**, Paola Tatarelli****

*ሃገራዊ ትካል ጥዕና (National Institute of Health)፤ ዓዲ ጥልያን *(Italy)*

***Clinica Malattie Infettive, Università degli Studi di Genova, Italy*


CASA
**Toolkit 2**

De Castro P. Magné F. Tatarelli P. ናይ *HIV/AIDS* ፣ መሰረታዊታት። ናይ ስልጠና ኮርስ ንሰራሕተኛታት ጥዕናን ማሕበራት ተሓከምቲን ርክብ ምስ ተሓከምቲ ንምምሕያሽ Istituto Superiore di Sanità, Roma, 2015, vi, 54 p. (CASA Toolkit 2) (መበቆላዊ እንግሊዘኛ ሕታም)

ረቂቕ። እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ምስ መሰረታዊ ክሊኒካዊ ሓበሬታ ናይ HIV/AIDS ይራኸብ ከምኡ’ውን ቀንዲ ንማሕበራት ተሓከምቲ ምስ ናይ ፕሮጀክት CASA (ካዛ) ምስራሕ ኣመልኪቱ ይዛረብ። ማሕበራት ኣብ ናይ ንጥፈት ርክባቶም ምስ ናይ HIV ተሓከምቲ ክሕግዞም ምእንቲ እዚ ሓፈሻዊ ፍልጠት ብዛዕባ HIV/AIDS ይህብ። እዚ መጽሓፍ ሓደሓደ ሓበሬታ ብዛዕባ ፕሮጀክት CASA ከምኡ’ውን ሓደሓደ ትምህርቲታት ኣብ ምትሕልላፍን ምክልኻልን HIV፣ ART ተራፒ ከምኡ’ውን cotrimossazole (ኮትሪሞሳዘል)፣ ኣገዳሲነት ናይ ምእማን፣ ከምኡ’ውን ሓደሓደ ማሕበራዊ ኣርኣእያታት ምንባር ምስ HIV (ኤችኣይቪ) ይሕውስ። እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ኣብ ውሽጢ ፕሮጀክት CASA ዝማዕበለ ናይ ስልጠና መጋበሪያ መሳረሒታት ተኸታታሊ ክፋል እዩ።

ቀንዲ ቃላት፡- HIV/AIDS፣ ርክብ፣ ፕሮጀክት CASA፣ ስልጠና።

ምስጋናታት። ፍሉይ ምስጋና ን Dr Raffaella Bucciardini (ዶር ራፍኤላ ቡቻርዲኒ)፣ ኣቃናባሪት ናይ ፕሮጀክት CASA፣ Dr Hagos Godefay (ዶር ሓጎስ ጎደፋይ) ሓላፊ ናይ ትግራይ ጥዕና ቤት-ጽሕፈት፣ Prof. Stefano Vella (ፕሮፍ. ስተፋኖ ቨላ) ከምኡ’ውን ንኹሎም ኣባላት ጉጅለ ፕሮጀክት CASA።

ኣብዚ መጽሓፍ ዝርከቡ ስእልታት ብምሉኦም ብ 2014 ኣብ ክልል ትግራይ፣ ኢትዮጵያ ዝተወስዱ እዮም (ናይ ጸሓፊ ግላዊ እኩብ)።

ናይዚ ስልጠና ኮርስ ሓበሬታ ንምርካብ፣ በዚ ዝስዕብ ጸሓፉ፡-paola.decastro@iss.it

ብዛዕባ ፕሮጀክት CASA ሓበሬታ ንምርካብ፣ ነዚ ዝስዕብ መርበብ

ርኣዩ፡-www.casaproject.info

Istituto Superiore di Sanità, 2015
Viale Regina Elena, 299 – 00161 Rome (Italy)

CC BY NC ND

# ትሕዝቶታት


መቅድም...................................................................................................iii

ብዛዕባ ፕሮጀክት CASA........................................................................1

ብዛዕባ እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ..........................................................................5

መጽናዕቲ 1። HIV እንታይ እዩ፣ ብኸመይ እዩ ዝመሓላለፍ ብኸመይ ከ ክከላኸል ይከኣል...............7

መጽናዕቲ 2። ስለምታይ antiretroviral ተራፒ (ART) ምጅማር......................................12

መጽናዕቲ 3። ምእማን ኣብ ART.........................................................................17

መጽናዕቲ 4። ሓበሬታ ኣብ ናይ ART ኣፋውስ...............................................................22

መጽናዕቲ 5። ስለምታይ cotrimossazole ምውሳድ.....................................................27

መጽናዕቲ 6። ምስ HIV/AIDS ምንባር......................................................................32

መጽናዕቲ 7። ቀንዲ ስክፍታታት ንደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን...........................................36

ጥብቆ። ቅድመ-ፈተና ንናይ መሰረታዊ ስልጠና ንናይ ክሊኒካዊ ኣርኣእያ ናይ HIV/AIDS...........43

ናይ ተመሃሮ መዛኸኸሪታት............................................................................47



# መቕድም



ኣብ ቅድሚ ናይ HIV/AIDS ሃገር-ከተት ሕማም ምጅማሩ፣ ነዚ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ሞት ዘብጽሕ ሕማም ንምቅላስ ናይ ማሕበረሰብ ግደ ዕብሉል ኣገዳሲነት ነይርዎ።

ኣብ ፈለማይ ክፍለዘመን ናይ ለብዒ፣ ነዚ ሕጂ ክዉን ኮይኑ ዘሎ፣ ኣብቲ ህሉው ዝኾነሉ ቦታ፣ ዝገርም ናይ ተራፐቲክ ረብሓታት፣ ማሕበረሰብ ካብ ክልቲኡ ወገን ማለት ካብ ህዝባዊን ግላዊን ክፍሊ ተመራመርቲን ናይ ክሊኒክ ኪኢላታትን ነቲ ምዕባለ ናይቲ ልበዳ ንምቁጽጻርን ናይ ሚልዮናት ሂወት ንምድሓንን ኣነቓቒሑ እዩ።

ኣብ ካልኣይ ክፍለዘመን፣ ካብ ናይ ዱርባን ዋዕላን (Durban Conference) (ዓመተ 2000) ድሕሪኡን፣ ኣብ ክልቲኡ ማለት ኣብ ሃብታማት ሃገራትን ኣብ ምንጪታቱ ድሩት ዝኾነን ንጥቀናን ኣድልዎን ንምቅላስ፣ ማሕበረሰብ ንናይ ዓለም-ለኻዊ ናይ HIV ሕክምናን ክንክን ንምእታው ኣገዳሲ ናይ ጠባቓነት ግደ ተጻዊቱ።

ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ ዘመን ሓያል antiretroviral (ኣንቲረትሮቪራል) ሕዋሳት (ART(ኤኣርቲ)) ንተሓከምቲን ጉዕዝኦምን ንምእማን ብናይ ዕድመ-ምሉእ መብጽዓነትን ንኽድግፎም ግደ ናይ ብጣዕሚ ምሁርን ፍልጠት ዘለዎን ማሕበረሰብ ጠቓሚ ነይሩ እዩ።

እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ብዝሕ ዝበለ ቀንዲ መልእኽቲታት፣ እዚ ማሕበረሰብ - ብተደራራርኺ ናይ መሰታ-ንመሰታ ኣቀራርባ - ምዕቃብ ናይ ART ከምኡ’ውን ኣብ ናይ HIV “ምሉእ ምቁጽጻር” ሽቶ ንምብጻሕ ደገፍ ክጥቀመሉ ይኽእል እዩ።

እዚ ናይ መወዳእታ ዕላማ፣ ኣብ ኣገዳሲ ዝኾነ ቁጽሪ ናይ ተሓከምቲ እንተ ተረኺቡ፣ ኣብ ናይ ግላዊ ደረጃ መዋትነትን ስእነት ጥዕናን ስለ ዘጉድልን ብናይ ህዝባዊ ጥዕና ደረጃ ኸኣ ምስዚ ቀጻሊ ዓለምለኻዊ ናይ HIV ረኽሲታት ኣብ መላእ ዓለም ስለ ዝቕንስ፣ ቅጽበታዊ ሓይሊ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

Stefano Vella

ጉጅለ ዓለም-ለኻዊ ምርምር (Global Health Research Group)፣ Istituto Superiore di Sanità




ክልል ትግራይ፣ ኢትዮጵያ ፕሮጀክት *CASA* ዝሰርሓሉ ዘሎ

# ብዛዕባ ፕሮጀክት CASA



ቅድሚ ክሊኒካዊ ኣረኣእያታት ናይ HIV ስልጠና ምጅማርና፣ ነዚ ናይ ስልጠና ንጥፈታት ዝድግፍ ዘሎ ብዛዕባ ፕሮጀክት CASA ሓደሓደ ቁሩብ ሓበሬታ ምህላው ኣገዳሲ እዩ።

ፕሮጀክት CASA ብምርምርን ናይ ስልጠና ንጥፈታትን ኣቢሉ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ናይ HIV/AIDS ተሓከምቲ ብሉጽነት ዘለዎ ክንክን ንምምሕያሽ ይህቅን።

ፕሮጀክት CASA ምስ መቐለ ዩኒቨርስቲን (Mekelle University) ምስ ኣብ ጥሊያን ዝርከብ ሃገራዊ ትካል ጥዕናን (National Institute of Health) ዘለዎ ተግባራዊ ዝኾነ ምትሕብባር፤ ቤት ጽሕፈት ጥዕና ትግራይ ሙሉእ ሓላፍነት ኣለዎ።

ብቛንቛ ጥሊያን CASA ማለት “ገዛ” ማለት እዩ፣ ቃል ብምሉ ናይ ውሽጣዊ ትርጓመ ነዚ ፕሮጀክት ዝውክል፤ ኣብ ናይ ፕሮጀክት CASA ክትካፈሉን ንናይ ብሉጽነት ክንክን ናይ HIV ተሓከምቲን ከተበርክቱ ንእትደልዩን ንኹሉኹም ገዛ እዩ።

ፕሮጀክት CASA ኣብ ክልተ ቀንዲ ዓንዲታት ዝተመስረተ እዩ፤ ኣብ ስራሕ ዝውዕል ምርምርን ስልጠናን።

**ብዛዕባ ፕሮጀክት CASA ኣብ ስራሕ ዝውዕል ምርምር።** ብ HIV ዝተለኸፉ ተሓከምቲ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ እተፈላለየ መሳለጢ ጥዕና ተመዝጊቦም ይርከቡ ከምኡ'ውን ART ተራፒ ኣብ ኩነታት ሕክምናዊ ፈተነ ከመይ ከምዝሰርሕ ንምርኣይ መረጋገጺ-ሰረት ጭብጥታት ክህቡ ክትትል ይግበረሎም።

**ብዛዕባ CASA ስልጠና ንጥፈት።** ስልጠና ኣብ ውሽጢ ፕሮጀክት CASA ብዋናነት ኣብቲ ፕሮጀክት ቐጥታዊ ጽልዋ ንዘለዎም ንሰራሕተኛታት ጥዕናን ንማሕበራት ተሓከምቲን ዝምልከት እዩ። ስልጠና ኣብ ርክብን ናይ ክሊኒካዊ ኣርኣእያ ናይ HIV AIDS እምነትን ምዕቃብ ተራፒን ኣብ ምምሕያሽ ተበግሶታት መሰረታዊ ፍልጠት ይህብ።



ኣብ ናይ ፕሮጀክት CASA ዕላማታት ኣበርክቶ ንምሃብ፣ ምስ ናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ምትሕብባር ብፍላይ ኣገዳሲ እዩ፤ ብሓቂ፣ ናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ከኣ ምስ ናይ HIV/AIDS ተሓከምቲን ስድራቤቶምን ኣወንታዊ ርክብ ኣብ ምግባርን ብሉጽነት ናይ ሂወቶም ንምምሕያሽ ኣበርክቶ ኣብ ምሃብን ኣገዳሲ ግደ ከምዝጻወቱ ንኣምን ኢና። ናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ዝጠፍኡ ናይ HIV ተሓከምቲ ምክትታል ምስዓብን ኣበርክቶ ንኽህቡ ንጽበዮም ኢና። ኣባላት ናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ምስ ናይ ፕሮጀክት CASA ናይ ጉዳይ ሓለፍቲ ይዋስኡ። ናይ ጉዳይ ሓለፍቲ ከኣ ኣብቲ ግቡእ ናይ ምርኣይ ጊዜ ናይ ዘይተረኽቡ ተሓከምቲ ስም ዝርዝር ይህቦም። ግደ ናይ ተሓከምቲ መሕበራት ከኣ ነቶም ኣብ ግቡእ መዓልቶም ዘይተረኸቡ ተሓከምቲ ተኸታቲሎ ምኽንያት ኣብ ሕክምና ዘይምምጽኦም ሓቲቱ ንናይ ጉዳይ ሓለፍቲ ጸብጻብ ምሃብ እዩ። እዚ ኸኣ ምስ ተሓከምቲን ስድራቤቶምን ምዝራብ፣ ዘለዎም ስክፍታታት ምክፋል፣ ደገፍ ምሃብን ተራፒ ምውሳድ ክቕጽሉ ንምርዳእን ጽቡቕ ዕድል እዩ። ብዝያዳ ዕማሞም ንምጥንቓቕ ንናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ሓደሓደ ናይ ርክብ ስልቲ ምድላብን እቲ መሰረታዊ ዝኾነ ብዛዕባ ክሊኒካዊ ኣረኣእያ ናይ HIV/AIDS ምፍላጥን ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

ብኸምኡ እዩ ኸኣ ጉጅለ ፕሮጀክት CASA ኣብ ውሽጢ ፕሮጀክት CASA ንዝሰርሑ ናይ ጥዕና ሰራሕተኛታትን ንናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ዝዓለመ ንሓደሓደ ናይ ስልጠና ንኣሽቱ መጽሓፍቲ ከፍርይ ዝወሰነ።

ክሳብ ሕጂ ሰለስተ ንኣሽቱ መጽሓፍቲ ፈርዩ ኣሎ፤

- **CASA Toolkit 1**፣ ብዛዕባ **መሰረታዊ ርክብ ስልቲታት** ዝምልከት
- **CASA Toolkit 2**፣ ብዛዕባ **መሰረታዊ HIV/AIDS**
- **CASA Toolkit 3**፣ ብዛዕባ **ክሊኒካዊ ኣርኣኣያ ናይ HIV/AIDS** ።



እዚ ንኣሽቱ መጽሓፍቲታት ናይ ግላዊ ተመክሮታትና ምስ ናይ ጥዕና ማእከላት ኣብ ውሽጢ ፕሮጀክት CASA፣ ኣብ ክልል ትግራይ ዝተሓባበሩ መሰረት ብምግባር እዩ ተጻሒፉ። እዚ መሰረታዊ ንእሽቶ መጽሓፍ ናይ HIV/AIDS ካብ ዩኒቨርሲቲ ጀኖኣ (Genoa University)፣ ክለተ ናይ ጥልያን ተሓባበርቲ፣ እዚ ፕሮጀክት ዝሕውስ ምስ ናይ ጥዕና መሳለጥያታት ክሰርሑ እንከለው ዝተጻሕፈ እዩ።

እዚ ንኣሽቱ መጽሓፍቲ ኣብ መጀመርታ ብእንግሊዘኛ እዩ ተጻሒፉ፣ ደሓር ግን ኣብ ትግርኛ ተተርጒሙ።

ኣብ ጊዜ ምፍጻም ናይዚ ስልጠና ኮርስ፣ ናይ ውሽጣዊ ጉጅለ ፕሮጀክት CASA ንተኻፈልቲ ንምርዳእ ተሰቲፉ። እዚ ኮርስ ምስተወድአ ኣብቲ መሰረታዊ ኣረኣእያ ናይ HIV/AIDS ፍልጠኩም ንምምዝዛን ናይ መወዳእታ ፈተና ክወሃብ እዩ።

ከምቲ ተስፋ ዘለና፣ እዚ ናይ መወዳእታ ፈተና እንተሓሊፍኩም፣ ብናይ ትግራይ ጥዕና ቤት ጽሕፈት ናይ ብዓወት ምዝዛም ምስርክ ወረቐት ክትቅበሉ ኢኹም።



ኣባላት ጉጅለ ፕሮጀክት *CASA*፣ ካብ ጸጋም፡- *Paola De Castro, Eskedar Tadesse, Stefano Vella, Federica Magnè, Paola Tatarelli, Teshome Abegaz (*ትግራይ፣ መጋቢት *(March) 2015)*

# ብዛዕባ እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ

እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ መሰረታዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ክሊኒካዊ ኣርኣእያ ናይ HIV/AIDS የቕርብ። ቀንዲ ኸኣ ምእንቲ ኣወንታዊ ህሉው ርክብ ምስ ተሓከምቲ HIV/AIDS ን ስድራቤቶምን ክምስርቱን፣ ብኣገባብ ናይ ብሕክምና ዝተኣዘዘ ኣፋውስ ንምንታይ ወትሩ ክወስዱ ከምዘለዎም ብግልጺ ክረድእዎምን ከእምንዎምን ምእንቲ ንተሓከምቲ ማሕበራት ብፈላሚ ዕላማ ክሕግዞም ዝዓለመ እዩ።

ቅርጺ ናይዚ መጽሓፍ ካብ ብቐጻሊ ዝሕተቱ ሕቶታት ወይ ኣብ ናይ HIV ተሓከምቲ ዘሎ ከም ምትሕልላፍን ምክልኻልን፣ antiretroviral (ART) ተራፒን፣ ምእማንን ሓበሬታ ብዛዕባ ኣፋውስን(ART ከምኡ'ውን cotrimossazole)፣ ምንባር ምስ HIV/AIDS፣ ናይ ጾታ ፍልልይ ብዛዕባ HIV ብዝምልከት፣ ዘለዎም ስክፍታታት ብዝምልከት ሸውዓተ መሰረታዊ ኣርእስቲታት ዝተመረጸ እዩ።

ንነፍሲ-ወከፍ ኣርእስቲ ብሓጺርን ግሉጽን ምሉእ-ሓሳባት ዝተገለጸ፣ ኣብ መንጎ ተሓካሚን ኣባል ናይ ተሓከምቲ ማሕበራትን ብኽዉን ዝርርብ ብዛዕባ እቲ ኣርስቲ ዝተኸተለ፣ ሓደሓደ መሰረታዊ ክሊኒካዊ ሓበሬታ ሓዊስና ኣሎና። እዚ ዝርርብ ኣብቲ ሕማም ኣወንታዊ ኣርኣእያ ምብርትታዕ፣ ረብሓታት ኣብ ክንክን ምዕቃብ ብምምልካትን፣ ናይ ተደናጋጺነት ኣቀራርባ ተጠቒምካ ርክብ ብኸመይ ከም ዝምዕብል መረዳእታ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ዝርርብ ኣንበብቲ ሓደሽ ሓሳባት ክዝክርሉ ዝኽእሉን እቲ ልክዕ መንገዲ ናይ ክሊኒካዊ ሓበሬታ ብንጹር ኣሰራርዓ ክጥቀምሉ ዝኽእሉን ብኽልተ ምርጫታት ዘለዎ ሕቶታት ዝተኸተለ እዩ።

ኣብ መንጎ ውሽጢ ፕሮጀክት CASA ዝሰርሑ ኣባላት ተሓከምቲ ማሕበራት ምይይጥ ንኽህሉ ነተባበዕ። እዚ ንኽልቲኡ ማለት ንናይ ርክብ ስልቲታን ናይ ሳይንቲፊካዊ ፍልጠንት ናይ ክሊኒካዊ ኣረኣእያ ናይ HIV ብናይ ተደናጋጺነት ኣቀራርባ ምስ ናይ HIV ተሓከምቲ ብስርዓት ንኽትግበር ይሕግዝ። ብኸምዚ መንገዲ፣ ናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ኣብ ናይ ምርምር ፕሮጀክት CASA ዕላማታት በቲ ዝከኣል ዝበለጸ መንገዲ ኣበርክተኡ ይህብ።

በዚ ናይ ርክብ ቀዳማይ ናይ መጋበርያ መሳርሒ ብዝምልከት፣ ከምኡ’ውን እቲ ካልኣይ ናይ መጋበርያ መሳርሒ ብዝምልከት ቅድሚ ናይ ስልጠና ኮርስ ዝካየድ ቅድመ-ፈተና ዝሕውስ ጥብቆ ኣብ ናይ መሰረታዊ ክሊኒካዊ ሓበሬታ ኣለዎ። እዚ ውጽኢት ናይ ቅድመ-ፈተና ምዕበላ ድሕሪ እቲ ስልጠና ንምግምጋም ምስቲ ናይ መወዳእታ ፈተና ክነጻጸር እዩ። ኣገዳሲ ክትዝክርዎ እትደልዩ ነጥቢታት፣ ምስ መሳርሕትኹም ወይ ዓላሚኹም ክትመያይጥሎም እትደልዩ ሓሳባትን ርእይቶታት ንሓድሽ ኣርእስቲታትን ክትጽሕፍሉ ምእንቲ ኣብቲ መወዳእታ ናይቲ ንእሽቶ ጽሑፍ ሓደሓደ ባዶ ገጻት እውን ሓዊስና ኣሎና። ንናይ ስልጠና ዓላሚኹም ወይ ንናይ CASA ሰራሕተኛ ኩሉ ጊዜ ሕቶታት ክትሓትዎም ከምእትኽእሉ ክትዝክርዎ ኣሎኩም።

እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ንዓኻትኩም ጠቓሚ ንክኸውን ተስፋ ኣሎና፣ ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ኣድልዩኩም ከኣ ንጉጅለ ፕሮጀክት CASA ንምውካስ በጃኹም ድሕር ኣይትበሉ። ኢ-መይል እውን ኣብ contact@casaproject.info ክትጽሕፉ ትኽእሉ።



# መጽናዕቲ 1፡፡ HIV እንታይ እዩ፣ ብኸመይ እዩ ዝመሓላለፍ ብኸመይ ከ ክከላኸል ይከኣል

ኣብዚ ቀዳማይ መጽናዕቲ ብዛዕባ HIV (Human Immunodeficiency Virus)፣ ከምኡ'ውን ብኸመይ ከምዝመሓላለፍን ብኸመይ ምክልኻል ከምዝከኣልን ሓደሓደ መሰረታዊ ሓሳባት ከነቕርብ ኢና።

ነዚ "መሰረታዊ ሓበሬታ"፣ ብቐጠልያ ደሚቑ ዘሎን፣ ተጠንቂቕኩም ከተንብብዎን ኩሉ ሓድሽ ትመሃርዎ ሓሳባት ብቓልኩም ከተጽንዕዎ ክትፍትኑን ነተባባዓኩም።



ንናይ HIV ተሓከምቲ እቲ ዝያዳ ቅኑዕ ዝኾነን ልክዕን ሓበሬታ ብዛዕባ እቲ ቫይራስ ከምኡ'ውን ኣብ ምትሕልላፍን ምክልኻልን፣ ኣብቲ ሓበሬታት ዝድለየሉ እዋን ንኽትህቡ ቅሩባት ምእንቲ ክትኮኑ ኣብ ናይ ክሊኒካዊ ኣርኣእያ ናይ HIV መሰረታዊ ሓበሬታ ክትህቡ ንዓኹም ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ጊዜ ናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ወይ ምስ ናይ ጥዕና ባዕል-ስልጣናት ኣኼባ ነዚ ኣርእስቲታት ክትመያየጥሉ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል።

እዚ ምትእስሳራት ናይቲ ሕማምን ንተሓካሚ ንምሕባርን ደገፍ ንምሃብን ፕሮጀክት CASA ዕላማታቱ ንኽሳናጸፍ ንክትሳተፉ እትጻወትዎ ግደን ብምልኡ ክትርድዎ የሳትፈኩም።

## 1.1. መሰረታዊ ሓበሬታ

- HIV **ናይ ተሓካሚ ሰውነት ዘዕኑው ቫይራስ** እዩ። ኣንጸር ካልእ ረኽሲታትን ሕማማትን ንኸይቃለሱ ከምኡ’ውን ንኽሞቱ ከምዝኽእሉ ይገብሮም።

- HIV **ክሓውይ ዝኽእል ኣይኮነን፣ ግን ንምቁጽጻሩ ብዙሕ ዓይነት መድሃኒታት** ኣሎ።

- HIV ቀንዲ ብ **ምስቲ ብሕማም ዝተለኽፈ ሰብ ብዘይውሑስ ብግብረ-ስጋ ምርኻብ** እዩ። ከምኡ’ውን ብ **ደም** ምስ HIV-ተሰካሚ ሰብ ብምርኻብ ክመሓላለፍ ይኽእል፣ ንኣብነት ናይ ድራግ **መራፍእ**ምሽራኽ።

- HIV **ካብ ረኽሲ ዘልዋ ሰበይቲ ን ዕሸላ** ኣብጊዜ ጥንሳ፣ ወሊድን ጡብ ብምጥዋብን ክመሓላለፍ ይኽእል።

- HIV **ብኣየርን ብምራቕን ክዝርጋሕ ኣይክእልን** እዩ። ስለዚ፣ ብምዝራብ፣ ብምስዓም፣ ናውቲ መብልዒ ብምክፋል ከምኡ’ውን ኩሉ መዓልታዊ ንጥፈታት ምስ ዝተለኸፈ ሰብ ብምግባር ኣይላገብን እዩ።

- ግብረ-ስጋዊ ምትሕልላፍ ናይ HIV **ኮንዶም ብምጥቃም ወይ ብምሕራም ክውገድ** (ብግበረ-ስጋ ዘይምርኻብ) ይኽእል እዩ። ብዝያዳ ኸኣ፣ ወትሩ antiretroviral ኣፋውስ ምውሳድ ንዘይተለኽፈ-መጻምዲ ካብ ሓደጋ ናይ HIV ምትሕልላፍ ብሓይሊ ክጉድሎ ይኽእል። ዝኾነ ኾይኑ፣ **መጻምዲታት ናይ HIV-ተሰካሚ ሰብ ወትሩ ክምርመሩ ኣለዎም**።

- **ናይ ደም ምትሕላል ክውገድ ይከኣል እዩ** መላጸይ፣ መሕጸብስኒ ከምኡ’ውን ዝኾነ ካልእ ናይ መቑረጺ መሳርሒታት ደም ዘለዎም ንናይ ግላዊ ጽርየት እትጥቀመሎም ንመዘይምሻራኽ ብምጥቃቕ።

- **ኣደ-ን-ቆልዓ ምትሕልላፍ ክውገድ ይከኣል እዩ** ኣብ ጊዜ ጥንሲን ጡብ ምጥቧብን ኣደ ውትሩ antiretroviral ኣፋውስ ብምውሳድ።


- እቲ ኣገዳሲ መንገዲ ናይ HIV ውገዳ ኸኣ **ትምህርቲ**፣ ብፍላይ ናይ ግብረ-ስጋ ትምህርቲ ንመንእሰያት ሰባት እዩ።

- ንኽልበዱ ኣብ ሓደጋ ዘለዉ ሰባት ከኣ (ንኣብነት ብዘይመከላኸሊ ናይ ግብረ-ስጋዊ ርክብ ዝፍጽሙ) ኣገዳሲነት ንናይ HIV ምርመራ ምግባር ትምርቲ ክመሃሩ ኣለዎም። ብሓቂ፣ ሓደሰብ ናይ HIV-ተሰካሚ ምኺኑ እንተዝፈልጥ ኮይኑ፣ ንሱ/ንሳ **ART ብምጅማር ንነብሱ/ንነብሳ ክከላኸል** ከምኡ’ውን**ንኻልኦት ከይመሓላልፍ** ክኽእሉ ኣለዎም።

- ክትዝክሩ ዘለኩም ምጥቃም **ኮንዶም እውን ንኻልኦት ብግብረ-ስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽሲታት ክከለኻል ይኽእል እዩ**፣ ከም ብዓል ፍንጣጣን ወይበን።

- **HIV ተሰካሚ ምኺንኩም እንተፈልጥኩም ብዝቐልጠፈ እዋን ተራፒ ክትጅምሩ ኣለኩም**፣ ክሳብ ሕማቕ ዝሰምዓኩም ክትጽበዩ የብኩምን።

## 1.2. ርክብ ምስ ተሓከምቲ



ኣብዚ ክፋል እዚ ክኸውን ዘለዎ **ኲነት** ብመሰረት ሓድሽ ዝተረኸበ ናይ ሳይንቲፊካዊ ፍልጠት ኣብ HIV፣ ናይ ምትሕልላፍን ምክልኻልን፣ ኣወንታዊ ርክብ ምስ ተሓከምቲ ክምስረተሉ ዝኽእል ጸብጻብ ክንህብ ኢና። ኣብነት ናይ ክኸውን ዘለዎ **ዝርርብ** እውን ድሕሪ ኲነት ብዝቐልጠፈ እዋን ጸብጻብ ክወሃብ ኣለዎ።

ጥንስቲ ሰበይቲ HIV ተሰካሚት ምኳና ቅድመ-ወሊድ ሕክምና ትፈልጥ ነይራ። ልበዳ ኣብ ዕሽላን ስድራቤታን ከይትሕልፈሎም ተጨኒቓ ኔራ። ሕጂ ካብ ልበዳ ከመይ ጌራ ከምተከላኸለሎም ክትገልጹላ ኣሎኹም።



**ተሓካሚት** ሓደሓደ ሰሙናት ይገብር ኣብቲ ቅድመ-ወሊድ ዝገበርክዎ ሕክምና ብዛዕባ HIV ኩነታተይ ፈሊጠ ነይረ። ቀልጢፈ ተቐዳዲመ ተራፒ ጀሚረ ግን ተሻቒለ ኣለኹ...
እዚ ቫይራስ ናብ ዕሸለይ ከመሓላልፈሉ ይኽእልዶ ይኸውን?

**ንስኹም** ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፣ ART HIV ናብ ዕሽልኪ ምትሕልላፍ ከነክዮ ይኽእል እዩ፣ ግን ወትሩ ክተወስድዮ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ዝያዳ ኸኣ፣ ኣብ ጊዜ ጥንስኺን ድሕሪ ምውላድኪን ምክትታል ክግበረልኪ ኣለዎ፣ እቲ ዕሽል ንዳሕራይ መዓልቲ ከይልበድ ምእንቲ ንምጉዳል ሕክምና ይጅምር።

**ተሓካሚት** ሕራይ... በዓል-ቤተይን ካልኦት ደቀይን ከ? ንዓዓቶም እውን ሓደጋ ከይኮኖም ተሻቒለ ኣለኹ።

**ንስኹም** ኣይትሻቐሊ። እቲ ቀንዲ መንገዲ ናይ HIV ምትሕልላፍ ብዘይመከላኸሊ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ምፍጻም እዩ፣ ስለዚ ኮንዶም ብምጥቃም ንመጻምድኺ ክትከላኸሊ ትኽእሊ ኢኺ።

HIV እውን ብዝተለበደ ደም ክመሓላለፍ ይኽእል እዩ፣ ስለዚ ኣብ መዓልታዊ ናብራኺ ጥራሕ ጥንቅቕቲ ክትኮኒ ኣሎኪ። በዚ መንገዲ እዚ ስድራቤትኪ ካብ ሓደጋ ነጻ ክኾኑ ይኽእሉ።

ካልእ HIV ተመሓላላፋይ ምኽኑን ብኸመይ ክኽልከል ከምዝኽል ንናይ HIV ንምርዳእ ንምሕጋዝ ተሓከምቲ ክኸውን ኣለዎ ትብልዎ ዝርርብ እንተሃልዩ ንዕድመኩም ኣሎና።



## 1.3 ሕቶታት ኣብ መጽናዕቲ 1

ሕጂ፣ ትሕዝቶ ናይዚ መጽናዕቲ ከምእተረድኣኩምን ብቓልኩም ከትጽንዕዎ ከም ትኽእሉን ንምፍላጥ ነዚ ሕቶታት ክትምልሱ ክንዕድመኩም ኢና። ሓደ ካብዞም ሰለስተ መልስታት ጥራሕ እዩ ልክዕ። ርግጸኛ እተዘይኮንኩም፣ ብዛዕባ HIV/AIDS ምትሕልላፍን ምክልኻልን ዝያዳ ንምፍላጥ ነዚ መጽናዕቲ ከምእንደገና ርኣይዎ።

ሀ. ርክብ ምስ ዝተለበደ ደም።

ለ. ምስ ምራቕ ናይ HIV ተሓካሚ ምርኻብ።

ሐ. ብዘይመከላኸሊ ናይ ግብረ-ስጋ ርክብ ምፍጻም

## 3. ናይ HIV ምርመር ሜላ መከላኸሊ መንገዲ ድዩ?

ሀ. ኣይፋል። ናይ HIV መርመራ ሜላ ናይ መከላኸሊ ኣይኮነን።

ለ. እወ፣ ምኽንያቱ እቲ ውጽኢት ርግጽ እነተኾይኑ፣ ስድራቤትኩም ገዲፍኩም በይንኹም ክትነብሩ ትኽእሉ።

ሐ. እወ፣ ምኽንያቱ እቲ ውጽኢት ርግጽ እነተኾይኑ ተራፒ ክትወዱ ትኽእሉ፣ ውሑስ ግብረ-ስጋዊ ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉን ኣብቲ መዓልታዊ ናብራኹም ጥንቁቕ ብምኧን ንኻልኦት ክትከላኸሉ ትኽሉ።

# መጽናዕቲ 2። ስለምታይ antiretroviral ተራፒ (ART) ምጅማር



ኣብዚ መጽናዕቲዚ ተሓከምቲ ስለምታይ ART ክጅምሩ ከምዘለዎም ንምርዳእ ክትፈልጥዎ ዘለኩም ሓደሓደ ንዓኹም ዝጠቕሙ ተመሰረታዊ ሓሳባት ክብህብ ኢና።

ኣብ ዘድለየሉ ጊዜ ንተሓከምቲ እቲ ልክዕ ሓበሬታ ንምሃብ ቅሩባት ክትኮኑ ምእንቲ እዚ ሓሳባት ብቓልኩም ከተጽንዕዎ ነተባብዓኩም። ክፋል ናይ ፍልጠኩም ክኸውን ዘለዎ መሰረታዊ ሓበሬታ ዝሓዘ ዝተራቐቐ ንድፊ ኸኣ ንጥቀም። ከምዚ ዝኣመሰለ ሓበሬታ ኸኣ ምስ ናይ HIV ተሓከምቲ ዘለኩም ናይ ርክብ ፍጻመኹም ንምምሕያሽ የፍቅደልኩም።

እዚ ሓድሽ ሓሳባት ተጠንቂቕኩም ከተንብብዎን ብቓልኩም ከተንጽንዕዎን ነተባባዓኩም ድሓር ከኣ ኣብነታት ርክብ ምስ ናይ HIV ተሓከምቲ ሓሳባት ከም እተጠቕሙ ኣንብብዎ።

ነዚ ኣብ ውሽጢ ተሓከምቲ መሕበራት ኣኼባ ንዘሎ ተመሳሳሊ ኩነታት ክትመያየጥሉን ኣብ ናይ መጻኢ ምርመራኹም ናብ ዝበለጸ ውጽኢት ንምብጽሕ ተሞኩሮኹም ምስ ካልኦት ከተወዳድርዎን ነተባብዓኩም።

## 2.1. መሰረታዊ ሓበሬታ

- ሓደሓደ ተሓከምቲ ናይ HIV ምስ HIV-ዝተሓሓዝ ምልክታት የርእዩ። እሳቶም ከኣ **ኣፋፍኖት ሓማም ዘለዎም** ተሓከምቲ እዮም።

- ሓደሓደ **ምልክታት ናይ HIV** ከኣ ዝተናወሐ ረስኒ፣ ሚዛን ምጉዳል፣ ቀጻሊ ተቕማጥ፣ ሰዓልን ጸገም ናይ ምስትንፋስን እዮም።

- ሓደሓደ ናይ HIV ተሓከምቲ ኸኣ **ምልክት ሕማም ዘይብሎም** እዮም፣ ማለት ምልክት ኣይርእዩን እዮም፣ ግን እቲ ቫይራስ ንሰውነቶም ድሮ የዕንዎ ኣሎ።

- **ኣፋፍኖት ሓማም ዘለዎም** ናይ HIV ተሓከምቲ (ማለት ምልክት ናይ HIV ዘርእዩ ተሓከምቲ) **ድሕሪ ART ምጅማር ጽቡቕን ጥዕናን ይስምዖም**።

- **ከምኡ'ውን ኣፋፍኖት ሓማም ዘለዎም** ናይ HIV ተሓከምቲ **ብቕጽበት ተራፒ ክጅምሩ** ኣለዎም፣ ምእንቲ ጥዕና ዘለዎም ኮይኖም ክቕጽሉ።

- ናይ HIV ተሓከምቲ ተራፒ እንተጀሚሮም፣ ንሳቶም ንነብሶም **ይከላኸሉን** ጽቡቕ ይስምዖምን። እንተዘይኮይኑ፣ acquired immunodeficiency syndrome (ኣኳይረድ ኣሚኖደፊሸንሲ ሲንድሮም) (AIDS) የማዕብሉን ክሞቱ ይኽእሉን።
- ምጅማር ተራፒ ኸኣ ውጽኢታዊ መንገዲ ን HIV **ምትሕልላፍ** ምክልኻል እዩ።

## 2.2. ርክብ ምስ ተሓከምቲ

ኣብዚ እቲ ክኸውን ዘለዎ **ኩነት** ብመሰረት ሓድሽ ዝተረኸበ ናይ ሳይንቲፊካዊ ፍልጠት ስለምታይ ተራፒ ምጅማር ጠቓሚ ምዃኑ ኣወንታዊ ርክብ ምስ ተሓከምቲ ክምስረተሉ ዝኽእል ጸብጻብ ክንህብ ኢና። እዚ ኩነት ብኣብነት **ዝርርብ** ኣብ መንጎ ተሓካሚን ንስኹምን ከም ንናይ ፕሮጀክት CASA ዝድግፍ ኣባል ናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ዘለኩም ግደን ዝተኸተለ ይኸውን።

ናይ ተሓካሚ ውጺኢት *HIV*-ተሰካሚ ምዃኑ ኣርእዩ ስለዚ ተራፒ ክጅምር ኣለዎ። ምጅማር ተራፒ ንምንታይ ኣገዳሲ ምዃኑ ከምተርድእዎ ክትግምቱ ኣለኩም። ተሓካሚ ብዛዕባ ኩነታቱን ከምኡ'ውን ብዛዕባ *ART* ተጨኒቑ ኣሎ፣ ግን ንስኹም እዚ ንዑዑ/ንዓዓ ጥዕና ዘለዎም ስለዝገብሮም ተሓካሚ ተራፒ ክጅምር ከምዘለዎ ከተርድእዎ ክትክእሉ ኣለኩም። ናይዚ ክኸውን ዝኽእል ኩነታት ናይ ዝርርብ ኣብነት ከምዚ ዝስዕብ ይኸውን።

**ተሓካሚ** ሓደሓደ ኣዕርኹተይን ኣዝማደይን ብሕማም HIV ዝሞቱ ስለዘለዉኒ ፈሪሄ ኣለኹ። ተራፒ እንተጀሚረ፣ እድሕንዶ?

**ንስኹም** እወ። ተራፒ ብምውሳድኩም ምስ እዚ ሕማም ንብዙሕ ዓመታት ክትነብሩ ትኽእሉ ኢኹም። ዘከኣል እንተኾይኑ ስሩዕ ሂወት ክህልወኩም'ውን ይከኣል እዩ። ነቲ ንቡር ንጥፈታትኩም ክትክተሉ'ውን ዝያዳ ብርትዕን ሓይልን ክህልወኩም እዩ።

**ተሓካሚ** ሕራይ... እዚ ግን ይከኣል ድዩ?

**ንስኹም** ነዚ ኣንጻር ልበዳታ ዝከላኸል ነብስኹም ከም ድርዒ (ከም ዝከላኸል መሸፈኒ) ዘለዎ ጌርኩም ገምትዎ። እዚ ቫይራስ ነዚ ድርዒ የዕንዎ'ሞ ንስኹም ከኣ ንኻልእ ልበዳታት ወይ ሕማማት ንኽትቃልዑ ብዝያዳ ተነቀፍቲ ትኾኑ። ኣፋውስ ነቲ ድርዒ የሐድሶ እሞ ንዓኻትኩም ከኣ ይከላኸለልኩም።

**ተሓካሚ** በሪሁለይ… ግን እዞም ኣፋውስ ሓደሓደ ተጻራሪ ሳዕቤናት ኣለዎም ዶ? መድሃኒታት ምውሳድ ኣይፍተወኒን እዩ።

**ንስኹም** ልክዕ ከምቲ ካልእ ኣፋውስ፣ ጎድናዊ ሳዕቤትናት ክህልዎ ይኽእል እዩ። መብዛሕቱ ጊዜ ጎድናዊ ሳዕቤን ፈኲስ እዩ ኸኣ ካብቲ ዝተጀመረሉ ዕለት ንቐሩብ መዓልታት ጥራሕ ኣዩ ዝጸንሕ። ንእገረ መንገድና ኸኣ፣ ንድሕነትኩም ምጅማርን ምቕጻልን ተራፒ ንምሉእ ሂወትኩም ኣድላይ ምዃኑ ኣይትረስዑ።



ምስ ናይ HIV ተሓከምቲ ካልእ ክኸውን ዝኽእል ዝርርብ፣ ክኸውን ዝኽእል ክሓትዎ ዝኽእሉ ሕቶታት፣ ከምኡ'ውን ካብዚ መጽናዕቲ ብዝረኸብኩሞ ክሊኒካዊ ሓበሬታ ብኸመይ ከምእተርድእዎም ንኽትሓስቡ ነተባብዓኩም።

## 2.3. ሕቶታት ኣብ መጽናዕቲ 2

ኣብዚ መጽናዕቲ ንዝተገለጸ ሓሳባት ብቓልኩም ንምጽናዕ ንኽእግዘኩም ክልተ ሕቶታት ሓውሲና ኣሎና እቲ ዝያዳ ዝግባእ ትብልዎ መልሲ ክትመርጹ ኣለኩም። ብዛዕባ እቲ መልሲ ርግጸኛ እትተዘይኮንኩም፣ በጃኹም ነቲ መጽናዕቲ ከምእንደገና ርኣይዎ።

**1. ኣየናይ ካብዚ ዝስዕብ ምሉእ-ሓሳባት እዩ ልክዕ?**

ሀ. ኣፋፍኖት ሓማም ዘለዎም ተሓከምቲ ተራፒ ብምጅማር ከመሓይሹ ኣይክእሉን እዮም።

ለ. ምልክት ሕማም ዘይብሎም ተሓከምቲ ተራፒ ንኹሉ ጊዜ ኣይድልዮም እዩ ከምኡ'ውን ኩሉ ጊዜ ጽቡቕ ይህልዉ።

ሐ. ንኣፋፍኖት ሓማም ዘለዎም ተሓከምቲ ይኹን ንኣፋፍኖት ሕማም ዘይብሎም ተሓከምቲ መጅማር ተራፒ ጸቡቕ እዩ ምኽንያቱ እቲ ፈውሲ ንተሓከምቲ HIV ካብቲ ቫይራስ ምእንቲ ካልእ ልበዳ ወይ ሕማም ከየምጽኡ ይከላኸለሎም።

**2. ተሓከምቲ ወትሩ ኣፋውሰም ብምውሳድ ንኻልኦት ክከላኸልሎም ይኽእሉ ዶ?**

ሀ. ኣይፋል፣ ተሓከምቲ ወትሩ ኣፋውስ ብምውሳድ ክከላኸሉ ኣይክእሉን እዮም

ለ. ኣወ፣ ተሓከምቲ ወትሩ ኣፋውስ ብምውሳድ ንኻልኦት ክከላኸሉ ይኽእሉ ምኽንያቱ ተራፒ መንገዲ ናይ ምትሕልላፍ መከላኸሊ እዩ።

ሐ. በቲ ናይቲ ተሓካሚ ጾታ እዩ ዝወሰን (ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ)።

# መጽናዕቲ 3። ምእማን ኣብ ART



ተሓከምቲ ስለምንታይ ንተራፒ ክኣምኑ ከምዘለዎም ኣብዚ ሓደሓደ መሰረታዊ ክሊኒካዊ ሓሳባት ኣቕሪብና ኣሎና። ብዛዕባ ምእማን ብዝብለጸ ግቡእ መግለጺታት ንተሓከምቲ ከተቕርቡ ቅሩባት ክትኮኑ ምእንቲ፣ ኣብ ካልእ ዝተፈለየ ኩነታት ክትጥቀምሉ ምእንቲ እዚ ሓሳባት ብቓልኩም ከተጽንዕዎ ነተባብዓኩም።

መግለጺታት ምስ HIV ንዝነብር ከተቕርቡ እንከለኹም፣ ኣብዚ ኣብ ናይ ክሊካዊ ኣረኣእያ ናይ HIV/ADS ስልጠና ኮርስ ዝረኸብክሞ ሓበሬታ ኩሉ ከተዋሃህድዎ ነተባብዓኩም።

ሕጂ፣ ኣብ ART ዝሃብናኩም መሰረታዊ ሓበሬታ ኣንብብዎን፣ ብቓልኩም ከትጽንዕዎን ፈትኑ። ደሓር ናይቲ ክኸውን ዘለዎ ኣብነት ዝርርብ ኣንብቡ ከምኡ'ውን ንተሓከምቲ ክትዛረቡ እንከለኹም ዝመሳሳለ ኩነታት ገምቱ ከምኡ'ውን ነቲ ሓድሽ ዝረኸብክሞ ሓበሬታ ተጠቀሙ።

ኣብቲ ናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ኣኼባታት ወይ ካልእ ኣብቲ ጥዕና ማእከላት ዝግበር ኣኼባታት ክትመያየጥሉ ነተባብዓኩም።

## 3.1. መሰረታዊ ሓበሬታ

- **ምእማን** ማለት ናይ HIV ተሓከምቲ **ወትሩ ART ይወስዱ** ኣለዉ ማለት እዩ።

- **ኣፋውስ** ንናይ HIV ልበዳ ክቆጻጸሮ ይኽእል፣ እንተኾነ ግን **ወትሩ ክወሰዱ** ኣለዎም ምእንቲ **ውጽኢታዊ** ክኾኑ።

- ናይ HIV ተሓከምቲ ንተራፒ እንተ ኣሚኖም **ነዊሕ፣ ጥዕና ዘለዎ ሂወት** ይህልዎም።

- ART ኣናኣቋረጹ እንተወሲዶም፣ እዚ **ዘይውጽኢታዊ** ይኸውን።

- ናይ HIV ተሓከምቲ ንተራፒ እንተዘይኣሚኖም **ሕማቕ ይስምዖም**፣ ካልእ ልበዳ ወይ ሕማም የማዕብሉ ከምኡ'ውን **ይሞቱ**።

- ድሕሪ ተራፒ ምጅማር፣ ተሓከምቲ **ዋላ'ውን ጥዕና እንተተሰምዖም ወትሩ ክወስዱ** ኣለዎም።

- ተሓከምቲ **ሓበሬታ ክኽተሉ** ብዛዕባ ኣፋውስ **ብነርስታት ወይ ብሓካይም ዝወሃብ** ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

- ውጺኢታዊ ክኸውን ኣፋውስ **መዓልታዊ ኣብ ልክዕ ጊዜ ንምሉእ ሂወቶም** ክውሰድ ኣለዎ።

## 3.2. ርክብ ምስ ተሓከምቲ

ኣብዚ **ኲነት** ብዕላማ ስለምታይ እዩ ንተራፒ ምእማን ብጣዕሚ ኣገዳሲ ዝኾውን ኢልኩም ንኽትገልጹ ምስ ተሓከምቲ ኣወንታዊ ርክብ ተማዕብሉሉ ጸብጻብ ክንህብ ኢና።



እዚ ሓድሽ ዝተረኸበ ናይ ሳይንቲፊካዊ ፍልጠት ኣብ ART ነዚ ምኽንያት እዚ ብጣዕሚ ጠቓሚ ክኸውን እዩ።

ከም ልሙድ፣ እዚ መግለጺ ናይ ኲነት ብኽኸውን ዝኽእል **ዝርርብ** ይኽተል።

ተሐካሚ ጽቡቕ ስለ እተሰምዖ፣ ሚዛን ስለ ዝወሰኸ፣ ስለ ዝሓየለ ተራፒ የቋርጽ። ንተራፒ ንኽኣምን ከተርድኦ ኣሎካ።

**ተሓካሚ** እንተደኣ ሕጂ ጽቡቕ ይስመዓኒ ኣሎስ ስለምታይ ተራፒ ዝቕጽል?

**ንስኹም** ጽቡቕ ዝስመዓካ ዘሎ፣ ኣፋውስ ትወስድ ስለዘለካ ጥራሕ እዩ። ደው እንተኣቢልካ ሕማቕ ክስመዓካ እዩ፣ ከምኡ'ውን ካልእ ልበዳ ወይ ሕማም ከትማዕብል ኢኻ ከምኡ'ውን ክትመውት ኢኻ።

**ተሓካሚ** ሕራይ፣ ግን ብሓፈሻ ኩሉ ሰብ ጽቡቕ እንተተሰሚዕዎ መድሃኒት ደው የብል እንድዩ።

**ንስኹም** እወ፣ ኣብ ናይ HIV ጉዳይ ግና እቲ ቫይራስ ኣብ ውሽጢ ሰውነትካ ይተርፍን ከተጥፍኦ ስለ ዘይትኽእል ኸኣ ሓንቲ መንገዲ ዘላ ብኣፋውስ ክትቆጻጸሮ ጥራሕ እዩ።

**ተሓካሚ** እርድኣኒ እዩ። ግን ደሓር፣ ናተይ ተራፒ እንተኣቋሪጸ፣ ሕማቕ እንተተሰሚዑኒ ኸኣ ከምእንደገና ክጅምር እኽእል እንድየ።

**ንስኹም** ሓደ ኣይኮነን ኣቋሪጽካ እንድገና ተራፒ ክትጅምር እንክለኻ፣ ኣንጻር እቲ ቫይራስ ውሑድ ሓይሊ ይህልዎን ውጽኢታዊ ኣይከውንን።

**ተሓካሚ** በሪሁለይ፣ ግን ሓደሓደ ጊዜ ንሆስፒታል ምኻድ ሽግር ስለዝኾነ ኣፋውስ ኣይወስድን እየ። ርሑቕ እየ ዝቕመጥ መጓዓዓዝያ ኸኣ የለን።

**ንስኹም** እፈልጥ፣ ከመይ ሽግር ምዃኑ'ውን እርድኣኒ እዩ፣ ግን ወትሩ ተራፒ ምውሳድ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ካልኦት ሰባት እውን ከምዚ ዓይነት ሽግር ኣለዎም እንተኾነ ግን ንሂወቶም ብጣዕሚ ኣድላዪ ስለዝኾነ ከይዶም እቲ ፈውሲ ይወስዱ። ጥራሕ ብዛዕባ ቤተሰብካ እሞ ሕስብ ኣብል፦ ወትሩ ኣፋውስ ትወስድ እንተኾይንካ ጥዕና ስለ ዘለካ ክትሕግዞም ትኽእል ኢኻ።



ሕጂ ንናይ HIV ተሓከምቲ ተራፒ ንምእማን ከመይ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ንምርድኦም ንክሕግዘኩም ክትፍትኑ ምእንቲ ክኸውን ዝኽእል እትብልዎ ዝርርብ ክኽትሓስቡ ነተባብዓኩም። ተሓከምቲ ወትሩ ኣፋውሰም ንክወስዱ ንኽቕጽሉ፣ ዋላ'ውን ጽቡቕ እንተተሰምዖም፣ ምእንቲ ከተርድእዎም እቲ ኣብ ናይ ምእማን ሓድሽ ዝተረኸበ ሓበሬታ ክትጥቀሙ ትዕደሙ፤ ብሓቂ እውን፣ ኣፋውስ ምእንቲ ውጽኢታዊ ክኾኑ ምዓልታዊን ኣብ ልክዕ ሰዓትን ንምሉእ ሂወትን ክውሰዱ ከምዘለዎም ትፈልጡ ኢኹም።

## 3.3. ሕቶታት ኣብ መጽናዕቲ 3



እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሕቶታት ነቲ ኣብዚ መጽናዕቲ ዝተገለጸ ቀንዲ ሓሳባት ብቓልኩም ንኽተጽንዕዎ ክሕግዘኩም እዩ። ካብዞም ሰለስተ ዝተሓበሩ መልሲታት ሓደ ክትመርጹ ኣለኩም።

ብዛዕባ እቲ መልሲ ሓቂ ምኳኑ እንተዘይረጋገጽኩም፣ ተራፒ ምእማን ስለምንታይ ኣገዳሲ ምኳኑ ንምግላጽ እቲ ልክዕ መልሲ ንምርካብ በጃኹም ነቲ መጽናዕቲ ከምእንደገና ርኣይዎ።

**1. ንምንታይ እዩ ንናይ HVI ተሓክመቲ ተራፒ ምእማን ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ?**

ሀ. ነቲ ልበዳ ንምቁጽጻርን ጥዕና ዘለዎ ነዊሕ ሂወት ንምህላውን

ለ. ምእማን ኣገዳሲ ኣይኮነን ከምኡ'ውን ተሓከምቲ ከኒናታት ክሓሙ ጥራሕ እንከለዉ ክወስዱ ይኽእሉ እዮም

ሐ. ንነርስ ንምሕጓስ

**2. ART ክንደይ ጊዜ ክውሰድ ኣለዎ?**

ሀ. ሓንሳብ ኣብ ሰሙን

ለ. ኩሉ መዓልቲ፣ ኣብ ልክዕ እታ ሰዓት

ሐ. ሓንሳብ ኣብ ወርሒ

# መጽናዕቲ 4። ሓበሬታ ኣብ ናይ ART ኣፋውስ

ኣብዚ መጽናዕቲ ብዛዕባ ART ኣፋውስን ናታቶም ጎድናዊ ሳዕቤናትን ሓደሓደ መሰረታዊ ናይ ክሊኒካዊ ሓሳባት ከንቕርብ ኢና። ንተሓከምቲ፣ ኣብዝተደለየሉ ጊዜ ብዝበለጸ ግቡእ ብዝኾነ መግለጺ ብዛዕባ antiretroviral ኣፋውስ መግለጺ ንምሃብ ቅሩባት ንኽትኮኑ ነዚ መሰረታዊ ሓሳባት ብቓልኩም ከትጽንዕዎ ነተባብዓኩም።

ፍልጠት ብዛዕባ ART፣ ብሓንሳብ ኣብ ኣገዳስነት ናይ ምእማን ምስዚ ሓድሽ ዝተረኸበ ፍልጠት ኣወንታዊ ርክብ ምስ ተሓከምቲ ከተማዕብሉን ጥቕሚ ምክትታል ተራፒ ንምርዳእን ብዙሕ ክሕግዘኩም እዩ።



## 4.1. መሰረታዊ ሓበሬታ

- **ART እቲ ዝበለጸ መሳርሒ ኣንጻር HIV እዩ።**
- ከም ምስ ካልእ ፍወሳ፣ **ጎድናዊ ሳዕቤናት** (ሕማቕ ትጻብኦ ድሕሪ ምውሳድ)ክፈጥር ይኽእል እዩ።
- መብዛሕቱ ጊዜ ጎድናዊ ሳዕቤናት ፈኮስቲ እዮም ከምኡ'ውን **ቁሩብ ሰሙናት ይጸንሑ** ድሕሪ ምጅማር ART።

- ዝያዳ ዝውቱር ጎድናዊ ሳዕቤናት ከኣ፦ **ሕማም ርእሲ፣ ዘይንቡር ሕልሚታት፣ ድቃስ ምስኣንን ተቕማጥን** እዮም።

- ምስ ህላወ ናይዞም ምልክታት፣ ተሓከምቲ **ART ደው ከብሉ** የብሎምን። ብዛዕባ እዚ ሽግራት ምስ ነርስታት ወይ ሓካይም ክዛረቡ ኣለዎም።

- ሳሕቲ፣ **ጽኑዕ ጎድናዊ ሳዕቤናት** ክኸውን ይኽእል (ንኣብነት ብርቱዕ ናይ ቆርበት ተጻብኦታት)። ኣብዚ ጉዳያት፣ ተሓከምቲ **ብዝቐልጠፈ ንናይ ጥዕና ኣገልግሎትከፍልጡ** ኣለዎም።

- ቅድሚ ካልእ ኣፋውስ ምውሳድ፣ ኣብ ART ዘለዉ ተሓከምቲ **ንነርስታት ክሓቱ ኣለዎም**። ብሓቂ፣ antiretroviral ኣፋውስን ካልእ መድሃኒታትን **ክወሳስኡ** (ነንሕድሕዶም ክጸላለዉ)ይኽእሉ፣ ነቲ ፈውሳ ኸኣ ዘይውጻኣዊነት ወይ መርዛን ይገብርዎ።

## 4.2. ርክብ ምስ ተሓከምቲ

ሕጂ እቲ ክኸውን ዘለዎ **ኩነት** ብመሰረት ሓድሽ ዝተረኸበ ናይ ሳይንቲፊካዊ ፍልጠት ስለምታይ ናይ ART ጎድናዊ ሳዕቤናትን ኣማሓዳድራቶምን ኣወንታዊ ርክብ ምስ ተሓከምቲ ክምስረተሉ ዝኽእል ጸብጻብ ክንህብ ኢና።

እዚ ኩነት ብ **ዝርርብ** ኣብ መንጎ ተሓካሚን ንስኹምን ክወስድ ዝኽእል እዩ ዝኽተል።



ተሓካሚ ምስ ART-ዝዘመድ ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣማዕቢሉ፣ ስለዚ ንሱ/ንሳ ደው ከብልዎ ደልዮም። ንዑ/ንዓዓ እዚ ኩነት ብኸመይ ከምዘመሓድርዎ ክትገልጹ ኣሎኩም።

**ተሓካሚ** ART ካብ ዝጅምር ኣትሒዘ፣ ክልተ ሰሙናት ይገብር፣ ዘይፍሉጥ ሕልሚታት እሓልም። ተሻቒለ ኣለኹ!

**ንስኹም** በሪሁለይ፣ ግን ኣይትፍርሁ። እዚ ዘሎ ምስ ትራፒኹም ዝመጽእ ጎድናዊ ሳዕቤን እዩ። ሓደገኛ ኣይኮነን።

**ተሓካሚ** ሕራይ፣ ግን ጽቡቕ ክድቅስ ኣይክእልን ኣለኹ ንስራሕ ክኸይድ ከኣ ንግሆ ክትስእ ኣሎኒ!

**ንስኹም** እርድኣኒ እዩ፣ ኣብ መጀመርታ ብርቱዕ ከምዝኾነ ኽኣ እፈልጥ እየ። ግን፣ እመኑኒ፦ መብዛሕቱ ጊዜ እዚ ምልክት ድሕሪ 2-4 ሰሙናት ክጠፍእ እዩ።

**ተሓካሚ** እሞ፣ ኣብዚ ከምዚ ናተይ ኩነታት፣ ደው እንተዘይሉ ኸ? እንተሓሰብክዎ እቲ ንዓይ ዝበለጸ ነዚ ተራፒ ምቁራጽ እዩ…



**ንስኹም** እዚ ምልክት እንተቐጺሉ፣ ኣብቲ ናይ ሕክምና መሳለጥያኻ ንዘለዉ ነርስታት ወይ ሓካይም ከተዛርብ ኣሎካ። ክሰምዑኻን ክሕግዙኻን እዮም። ኣድላይ እንተኾይኑ፣ ነቲ ተራፒ እውን ክልውጡልካ ይኽእሉ። ግን፣ በጃኻ፦ ባዕልኻ ART ደው ኣይተብሎ!

**ተሓካሚ** ኣጸቢቐ እርድኣካ እየ፣ ምስዚ ኩሉ ሽግራት ምንባር ግን ቀሊል ኣይኮነን።

**ንስኹም** ናይ ግድን፣ ግን ART ምውሳድ ንዓኻን ንስድራቤትካን ከመይ ኣገዳሲ ምኺኑ ሕሰብ። እዚ ጎድናዊ ሳዕቤን ግን ንመንገዲ ንጥዕና ዘለዎ ሂወት ምንባር ንእሽቶ መሰናኽል እዩ።

ሕጂ ምስ ናይ HIV ተሓከምቲ ብኸመይ ትርጉም ናይ ምስ ፈውሲ-ዝተሓሓዝ ጎድናዊ ሳዕቤናትን ብኸመይ ከመሓዳድርዎ ከምዝኽእሉን ካልእ ክኸውን ዝኽእል ዝርርብ ክትሓቡ ነትባብዓኩም።

## 4.3. ሕቶታት ኣብ መጽናዕቲ 4

ሕጂ ነዚ ሓድሽ ዝተረኸበ ፍልጠት ናይ ART ብቓልኩም ከተጽንዕዎ ዝሕግዝ ዝቕጽል ሕቶታት ክትምልሱ ክንላውበኩም ኢና። ብዛዕባ እዚ መልሲታት ርግጸኛ እንተዘይኮንኩም፣ ነዚ ትሕዝቶታት ናይዚ መጽናዕቲ በጃኹም ተመሊስኩም ከምእንደገና ኣንብብዎ።

1. **ተሓካሚ ART ድሕሪ ምጅማሩ ቁሩብ መዓልታት ሕማም ርእሲ ሒዝዎ። ንሱ/ንሳ እንታይ ክገብር ኣለዎ?**

   ሀ. ብቕጽበት ART ደው ከብል

   ለ. ART እንዳቐጸለ ንነርስ ወይ ሓኪም ክሓትት

   ሐ. ክሳብ ሕማም ርእሲ ዝገድፎ ART እንዳ ኣቛረጸ ክወስድ

2. **ምስ ART-ዝዛመድ ጎድናዊ ሳዕቤናት ከመይ ይኸውን ኢልኩም ትሓስቡ?**

   ሀ. ኩሉ ጊዜ ጽኑዓት እዮም

   ለ. ጎድናዊ ሳዕቤታንት የለዉን

   ሐ. መብዛሕቱ ጊዜ፣ ናይ ART ጎድናዊ ሳዕቤናት ፈኮስቲን ሓለፍቲን እዮም



# መጽናዕቲ 5። ስለምታይ cotrimossazole ምውሳድ

ኣብዚ መጽናዕቲ ሓደሓደ መሰረታዊ ሓሳባታት ብዛዕባ cotrimossazole ከነቕርብ ኢና፤ ንዓኹም ነዞም ሓሳባታት ምርድኣ ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ሓደሓደ ተሓከምቲ ብዛዕባ cotrimossazole ዝያዳ ክፈልጡ እግደሱ ወይ'ውን ብዛዕባ ጥቕሚ ናይዚ ፈውሲ ይሻቕሉ ይኾኑ።

ኣብ ዝተደለየ እዋን ንተሓከምቲ እቲ ዝበለጸ ቅኑዕ ሓበሬታ ንምሃብ ቅሩባት ንኽትኮኑ ስለምንታይ cotrimossazole ምውሳድ ብቓልኩም ከትጽንዕዎ ነተባብዓኩም።



Cotrimossazole፣ መብዛሕቱ ጊዜ ምስ ART ዝራኸብ፣ ንተሓከምቲ በጀካ ናይ HIV ኣንጻር ካልእ ልበዳታት ከምጽእ ዝኽእል ፈውሲ እዩ።

ከምቲ ናይ ካልእ መጽናዕቲታት፣ ምስ ማሕበርኩም ሓደሽቲ ሓሳባት ክትመያየጥሉ ትዕደሙን ኣድላይ ክኸውን እንከሎ ኸኣ ዝበለጸ መግለጺ ክትህቡ ተቐረቡ።

ብጥንቃቐ መስረታዊ ሓበሬታ ናይ cotrimossazole ኣንብቡ፣ ብቓልኩም ከተጽንዕዎ ኸኣ ፈትኑ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎኹምን መንጎ ተሓካሚን ክውሰድ ንዝኽእል ዝቐረበ መልሲታት ዝርርብ ኣብ ግምት ኣእትውዎ።

## 5.1. መሰረታዊ ሓበሬታ

- HIV ንተሓከምቲ ተነቀፍቲን ንኻልእ ልበዳ ብዝያዳ ንኽቃልዑ ይገብሮም። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን፣ ኣብ ርእሲ ART፣ ተሓከምቲ

**ካልእ መሰርያ** ንነብሶም ኣንጻር እዚ ሕማማት ዝከላኸልሉ፡ **cotrimossazole** ኣለዎም።

- Cotrimossazole ሓደሓደ ዝያዳ ሓደገኛን ተደጋገምቲ ዝኾኑ ረኽሲታትን ንብ HIV ዝተለኽፉ ሰባት፣ ማለት ከም ንደራ-ሳንቡእን (pneumonia) ዓሶን፣ ክከላኸል ዝኽእል **ጸረ-ነፍሳት** እዩ።

- እዚ ኸኣ **ኣብ ንጽኑዕ ዝሓሙ ናይ HIV ተሓከምቲ እጥቀምሉ**። ሓኪማት ወይ ነርስታት እቲ ንቡር ዕንቅፋት ሰውነት ኣንጻር እቲ ረኽሲ ሓውዩ ክርእዩ እንከለዉ፣ ነቲ cotrimossazole ደው የብልዎ።

- ከም ART፣ cotrimossazole ውጺኢታዊ ንኽኸውን **ብስሩዕ መደብ ክውሰድ** ክኽእል ኣለዎ፣ እዚ ማለት ከሉ መዓልቲ ኣብታ ልክዕ ሰዓት።

- ከም ዝኾነ ካልእ ፍወሳ፣ cotrimossazole **ጎድናዊ ሳዕቤናት** ከስዕብ ይኽእል። ብዝያዳ ሓደሓደ ተሓከምቲ ቁጥዐ ክህልዎም ይኽእል። ስለዚ፣ cotrimossazole ዝወዱ ዘለዉ ተሓከምቲ ዝኾነ ለውጢ ኣብ ሰውነቶም (ንኣብነት፡-ናይ ቆርበት መልሰ-ግብሪ) እንተረኣዮም፣ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን **ንሓኪም ወይ ነርስ ክራኸቡ** ኣለዎም።

- Cotrimossazole ነቲ ቫይረስ ዝተቓልዑ ወይ ንዝተለበዱ **ንዕሽላትን ቆልዑትን** እውን ኣድላዩ እዩ።
- ተሓከምቲ መድሃኒት መዓስ ክጅምሩን መዓስ ደው ከብሉን ከምዘለዎም ንናይ ሓካይምን ነርስታትን **ምልክታት ብጥብቂ ክከታተሉ** ኣለዎም።

## 5.2. ርክብ ምስ ተሓከምቲ

ኣብዚ ኣብነት ናይ **ኲነት** በቲ ሓድሽ ዝተረኸበ ፍልጠት ብምጥቃም ምኽንያታት cotrimossazole ንምታይ ክምዝውሰድ ጸብጻብ ክንህብ ኢና።

እዚ ኲነት ብኽኸውን ዝኽእል ኣብ መጎኹምን ኣብ መንጎ ናይ HIV ተሓካሚን ክካየድ ዝኽእል **ዝርርብ** ክኸተል እዩ።

እዚ ኣብነት ጥራሕ እዩ፣ ኣብ ካልእ ዝተፈለየ ኲነታት እዚ ሓድሽ ዝተረኸበ ሓበሬታ ክትጥቀሙ ነተባብዓኩም።

> ሓድሽ መርመራ ዝተገበረሉ ናይ HIV ተሓካሚ ART ከምኡ'ውን cotrimossazole ይወስድ ኣሎ።
>
> ክልቲኡ ንምንታይ ይወስድ ከምዘሎ ስለ ዘይተረድኦ ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ cotrimossazole የድልዮ ኣሎ።

**ተሓካሚ** ነርስ cotrimossazole ኣዚዛትለይ። ናይ በሓቂ እንታይ ከምዝኾነ ኣይርደኣንን እዩ…

**ንስኹም** ኣንጻር ልበዳታት ዝከላኸለልካ ጸረ ነፍሳት እዩ።

**ተሓካሚ** ሕራይ፣ ግን እተ ART ከኣ እወስድ ኣለኹ ስለዚ ብርቱዕ እዩ። እኹል ኣይኮነን? ስለምታይ ካልእ ከኒና እውስድ?

**ንስኹም** ናትካ ART ሕጂ ኢኻ ጀሚርካ እሞኸኣ ነቲ ሕጂ እቲ ቫይራስ ዘዕነዎ ናትካ ኣንጻር ልበዳታት መከላኸሊ ክሳብ ዝሓውይ ጊዜ የድልዮ እዩ። ኣብዚ ጊዜ እዚ Cotrimossazole ክሕግዘካ እዩ ከምኡ'ውን ካብ ጽኑዕ ሕማማት ምድላብ ክከላኸለልካ እዩ።

**ተሓካሚ** ስለዚ፣ እዚ ፈውሲ ነዚ ተርፉ ዘሎ ሂወተይ ኣየድልየንን እዩ… ልክዕ ኣለኹ ዶ?

**ንስኹም** ብልክዕ። ነርስታት በቲ ናይ ደም መርመራ ትመሓየሽ ከምዘለኻን ተመሊሱ ዘየድልየካ እንተኾይኑን ክርድኣን ይኽእል እዩ። ኣብዚ ነገር'ዚ ደው ንኽተብሎ ART ጥራሕ ክትቅጽል ከምዘለካን ክነገረካ እዩ።

ሕጂ ካልእ ክኽውን ዘለዎ ኲነታትን ዝርርብን ምስ ናይ HIV ተሓከምቲ ስለምንታይ cotrimossazole ምውሳድ ክንደይ ጠቓሚ ምዃኑ ንምርዳእ ክትሕግዞም ንኽትሓስቡ ንዕድመኩም።



ኣብዚ መጽናዕቲ ዝረኸብክሞ ሓበሬታ ኣብ ግምት ብምእታውን ካብቲ ኣቐዲሙ ዝተዋህበ መጽናዕቲታን ኸኣ ኣወንታዊን ውጽኢታውን ርክብ ምስ ናይ HIV ተሓከምቲ ከተማዕብሉ ርግጸኛታ ኢና።

## 5.3. ሕቶታት ኣብ መጽናዕቲ 5



ሕጂ ካብዚ ሓድሽ ዝተረኽበ ፍልጠት ብዛዕባ cotimossazole ብቓልኩም ክተጽንዕዎ ምእንቲ ነዚ ዝስዕብ ሕቶታት ክትምልሱ ንላወበኩም።

ብዛዕባ መልሲ ርግጸኛታት እንተዘይኮንኩም፣ ትሕዝቶታት ናይዚ መጽናዕቲ ከምእንደገና ተመሊስኩም ኣንብብዎ።

**1. cotrimossazole እንታይ እዩ?**

ሀ. Cotrimossazole ንናይ HIV ተሓከምቲ ኣንጻር ሓደሓደ ልበዳታት ዝከላኸለሎም ጸረ-ነፍሳት እዩ።

ለ. Cotrimossazole ሚዛን ዘወስኽ ቪታሚን እዩ።

ሐ. Cotrimossazole ን ART ዝትክእ ጸረ-ነፍሳት እዩ።

## 2. cotrimossazole መዓስ ክውሰድ ኣለዎ?

ሀ. ሓንሳብ ኣብ ሰሙን።

ለ. ሓንሳብ ኣብ ወርሒ።

ሐ. ኩሉ መዓልቲ፣ ኣብ ልክዕ ሰዓት።

# መጽናዕቲ 6። ምስ HIV/AIDS ምንባር



ኣብዚ ሓደሓደ መሰረታዊ ናይ ማሕበራዊ ኣረኣእያታት ናይ HIV ነቕርብ። ንዓኻትኩም ብዛዕባ እዚ ጉዳያት ኣፍልጦ ክህልወኩም ኣገዳሲ እዩ።

ኣብዝተደለየሉ እዋን ንተሓከምቲ እቲ ቅኑዕ ሓበሬታ ንምሃብ ቅሩባት ምእንቲ ክትኮኑ ነዚ ሓሳባት ክትመያይጥሉን ብቓልኩም ከትጽንዕዎን ነተባብዓኹም።

## 6.1. መሰረታዊ ሓበሬታ

- HIV ምርመራ **ድሕሪ ሕጂ ናይ ሞት ፍርዲ ኣይኮነን** ስለ ART ክቆጻጸሮ ዝኽእል።
- HIV ልበዳ **ምኽንያት ካብ ማሕበራዊ ናብራ ምንጻል** ኣይኮነን። HIV ተሰካሚ ዝኾነ ሰብ **ንቡር ሂወት** ክህልዎ ይኽእል። ስርሖምን ንጥፈታትቶምን ክቕጽሉ፣ ትምህርቶም ክኸዱ፣ ስድራ ክህልዎምን ምስ ኣዕርኹቶምን ኣዝማዶምን ግዜኦም ክሻረኹን ይኽእሉ።

- HIV ልበዳ ማለት **ንቡር ግብረ-ስጋዊ ርክብን ስድራን** ንኽህልወካ ዘይከኣል ማለት ኣይኮነን። ደቂ ኣንስትዮ ብኸመይ ስድራቤት ከም ዝምስርታን ብውሑስ ክጠንሳን መደብ ንምግባር ንናይ ጥዕና ኣገልግሎታት ክሓታ ይኽእላ እየን።

- ምህላው HIV **ናይ ብሕቲ ጉዳይ** እዩ። ዝተልብደ ሰብ **ብ**ዛዕባ ናይ HIV ኣቕዋሞም እንተዘይደልዮም ክዛረቡ ኣይግደዱን እዮም። እንተኾነ ግን፣ እንተ **ተኻፊሎም** ኩነታቶም ምስ **ዝኣምንዎ ሰብ**፣ ንሳቶም ደገፍ ክረኽቡ ይኽእሉ።

- HIV **ምኽንያት ናይ ነውሪ** ። ብሓገዝ ናይ ሓካይም፣ ነርስታትን ናይ ተሓከምቲ ማሕበራትን፣ HIV ተሰከምቲ ሰባት ነዚ ኩነታት ተቐቢሎም ምስኡ ክነብሩ ይኽእሉ እዮም።

## 6.2. ርክብ ምስ ተሓከምቲ

ክኸውን ዝኽእል **ኲነት** በቲ ዝተረኸበ ሓድሽ ፍልጠት ኣብ ናይ ማሕበራዊ ናብራ ኣርኣእያ ናይ HIV መሰረት ብኸመይ ኣወንታዊ ርክብ ምስ ተሓከምቲ ከምተማዕብል ጸብጻብ ክንህብ ኢና።

ጓል ዓሰርተ ሽዱሽተ ዓመት ተመሃሪት ናይ HIV ተሰካሚት እያ። ኣብ መንጎ ደቂ ክፍላ ብዛዕባ እዚ ጥቀና ተሻቒላ ኣላ። ብዝያዳ ኸኣ፣ ሓደሓደ ስክፍታታት ብዛዕባ ናይ ግላዊ ሂወታ ኣለዋ።

**ተሓካሚት** ናይ HIV ተሰካሚት ስለ ዝኾንኩ ዋላሓደስብ ካብ ደቂ ክፍለይ ምዝራብ ኣብዮምኒ!

**ንስኹም** ስምዒ፣ ናይ HIV ኣቕዋምኪ ምስ ዝኾነ ሰብ ክትካፈሊ ኣይትግደዲን ኢኺ። ንእግረ መንገድና፣ ሓደሓደ እሙናት ኣዕሩኽቲ ምግባር ንዓኺ ደገፍ ክኾነኪ ይኽእል ይኸውን እዩ። ብዝያዳ፣ ኣብዝኾነ እዋን ዘዳልወኪ ሰብ እንተረኺብኪ፣ በጃኺ ኣይትገደስሉ። መብዛሕቱ ጊዜ እዞም ሰባት ብዛዕባ HIV ብዙሕ ኣይፈልጡን እዮም ማለት እዩ።

**ተሓካሚ** ሕራይ… ግን ኣብ መጻኢ እዋን ናይ ወዲ ዓርኪ ክገብር እንተደለኹ እንታይ እኸውን? ንቡር ዝኾነ ዝምድና ንሓዋሩ ክህልወኒን ድዮ?

**ንስኹም** ናይ ግድን። ግለ-ሰብ ምስዓምን ምሕቛፍን ኩሉ ጊዜ መተሓላለፊ መንገዲታት ኣይኮነን። ብግብረ-ስጋ ክትራኸቢ እንተደሊኺ ኸኣ፣ ኮንዶም ተጠቒምኪ ክትራኸቢ ትኽእሊ ኢኺ።

**ተሓካሚ** ስለዚ ንቡር ሂወት ዝህልወኒ ዶ ይመስለኩም…

**ንስኹም** ብርግጽ። ትምህርቲኺ ክትወድኢ ኢኺ፣ ስራሕ ክትረኽቢን ስድራ ክህልወኪን እዩ። እዚ ኹዉን ዝኸውን ዝኽእል ኸእ ናይ ART ተራፒ ንቡርን ጥዕና ዘልዎ ሂወትን ስለ ዘውሕሰኪ እዩ።

ከምቲ ልሙድ፣ ምስ ናይ HIV ተሓከምቲ ምስ HIV ዝተሓሓዝ ጥቀናን ምድላዋትን ብኸመይ ዓይነት መንግዲታት ክቃለስዎ ከምዝኽእሉ ንምግላጽ ካልእ ክኸውን ዝኽእል ዝርርብን ክትሓስቡ ንዕድመኩም።




## 6.3. ሕቶታት ኣብ መጽናዕቲ 6



እዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሕቶታት ነቲ ኣብዚ መጽናዕቲ ዝተገለጸ ቀንዲ ሓሳባት ብቓልኩም ንኽተጽንዕዎ ክሕግዘኩም እዩ።

እቲ ልክዕ መልሲ ክትረኽቡ ርግጸኛታት ክትኮኑ ኣለኩም (ሓደ ካብ ሰለስቲኡ) ወይ ንተሓከምቲ ብዛዕባ ምንባር መንገዲታት ምስ HIV/AIDS ብኸመይ ከምትገልጽሎም ክትተኣማመኑ ምእንቲ ኣድላይ እንተኾይኑ ነቲ መጽናዕቲ ከምእንደገና መሊስኩም ርኣይዎ።

ነዚ ጉዳይት ምስ ማሕበረስብኩም ክትመያየጥሉ ነተባብዓኩም።

**1. ሓደ ግለ-ሰብ HIV ተሰካሚ ምዃኑ እንተፈሊጡ፣ ንሱ/ንሳ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?**

ሀ. ንሱ/ንሳ ምስ ኩሉ ሰብ ክካፈልዎ ኣለዎም።

ለ. ንሱ/ንሳ እኩብ ቦታታት ከውግዱን በይኖም ክኾኑን ኣለዎም።

ሐ. ንሱ/ንሳ ጽቡቕ ዝስምዖም እንተኾይኖም ብዛዕባ HIV ኣቕዋሞም ንሱ/ንሳ ጥራሕ ምስ ዝኣምንዎ ግለ-ሰብ ክዛረብሉ ኣለዎም።

**2. ኣየናይ ካብዚ ዝስዕብ ምሉእ-ሓሳባታት እዩ ሓቂ ዘይኮነ?**

ሀ. HIV ንጸወርቲ ዝኾኑ ተሓከምቲን ቤተሰቦምን ምኽንያት ናይ ነውሪ እዩ።

ለ. HIV ጸወርቲ ቆልዑት ቤት ትምህርቲ ክኸውዱን ከምቲ ንቡር ከኣ ምስ ኣዕርኽቶም ጽቡቕ ጊዜ ክሕልፉን ይኽእሉ እዮም።

ሐ. HIV ጸወርቲ ደቂ ኣንስትዮ ስድራ ክህልወንን ንደቀን ክከናኸናን ይኽእላ እየን።

# መጽናዕቲ 7። ቀንዲ ስክፍታታት ንደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን



HIV ብሓፈሻ ንደቂ ተባዕትዮን ንደቂ ኣንስትዮን ዝተፈለየ ኣፋፍኖታት እዩ ዘለዎ፣ ብሓቂ እቲ ልሙድነት ካብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝለዓለ እዩ ዝፍለጥ ከምኡ'ውን ምስ ደቂ ኣንስትዮ ክወዳደር እንከሎ ብሓፈሻኡ ደቂ ተባዕትዮ ዝተሓተ ምዕቃብ ኣለዎም። ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ሓደሓደ መሰረታዊ ሓበሬታ ኣብ ጾታን ጾታዊ ፍልልያትን ኣብ ኣቀራርባ HIV ኣብ ግምት ከተእትዎ ከምኡ'ውን ንናይ HIV ተሓከምቲ ነቲ ቀንዲ ሽግራቶምን ጥቀና ኣሰኒፎም ብጽቡቕ ንኽነብሩ ብኸመይ ንኽትግዝዎም ንኽተቕልቡ ንዕድመኩም።

ከምቲ ልሙድ ሓደሓደ መሰረታዊ ሓበሬታ ኣብቲ ጉዳይ ከምኡ ድማ ከም ሽግራት ዝኣመሰለ ሓደሓደ ዝርርባት ኣብ ዝተፈላለየ ኩነታት ክትመያየጥሉ ትኽእሉ ከምኡ'ውን ኣብቲ ሓድሽ ፍልጠትኩም ትምርምርሉ ሓደሓደ ሕቶታት ነወፍይ።

## 7.1. መሰረታዊ ሓበሬታ

- ባዮሎጂካዊ፣ ብዘይ መከላኸሊ ኣብ ዝግበር ኣብ ናይ በበይኑ ጾታ ርክብ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ብ HIV **ደቀነስትዮ ብዝያዳ ንኽልበዳ ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ**።

- ሓደ-ሓደ-ጊዜ ኣብ ውሽጢ ግብረ-ስጋዊ ዝምድናታት ካብቶም መጻምድተን **ደቀንስትዮ ውሑድ መሰላት ዘለወን እዩ ዝመስለን**። ከምኡ'ውን ኮንዶም ንኽጥቀሙ እንተሓቲተን እቶም መጻምድተን ከይገድፉወን ይፈርሃ።

**መርዓ** ንደቂ ኣንስትዮ ኩሉ ጊዜ ካብ HIV ልበዳ ኣይከላኸለለንን እዩ። ኣብ መርዓ ብዙሕ ሓደስቲ ልበዳታት ዝርከብ ብምኽንያት ዘይእሙናት መጻምዲ እዩ።

- ብዙሕ ጊዜ **ደቂ እንስትዮ** ቅድሚ ደቂ ተባዕትዮ HIV ተሰከምቲ ምዃነን ይፈልጣ **ንናይ ጥዕና ክንክን ዝያዳ መራኸቢ ስለዘለወን**፣ ብዝያዳ ኸኣ ንናይ ቅድመወሊድ ክንክን። ስለዚ፣ ብቐጥታ ወዲ ተባዕታይ እታ ጓል ኣንስተይቲ መጀመርታ ከምእተለኽፈት ገይሩ ይወስዶ።

- HIV-ተሰከምቲ **ደቂ ኣንስትዮ መብዛሕቱ ጌዜ ን ART ይኣምና** ከምኡ'ውን ካብ ደቂ ተባዕትዮ ብዝበለጸ ምልክታታት ናይ ነርስታት የኽተላ። ብሓቂ፣ ደቂ ተባዕትዮ ነቲ ሕማም ንምቕባልን ንኽፍውስዎን ዝያዳ ሽግር ኣለዎም።

- ብሓፈሻ **ደቂ ተባዕትዮ ኮንዶም ኣይጥቀሙን እዮም** ምኽንያቱ ንምጥቃሙ ጽቡቕ ሰለዘይስምዓምን መብዛሕቱ ኸኣ ንምልባድ ዘሎ ተኽሎ ኣትሒቶም ስለ ዝግምትዎን እዩ።

- መጻምዲ ክጥቀምሉ እንተኾይኖም ከኣ **ኮንዶም ከምዘይ ምትእምማን ስለ ዝርኣይ** ከምኡ'ውን ከም ዝተለበድካ ምእማን ስለ ዝኸውንን፣ ካብዚ ኹሉ ግን፣ ንነብስኻ ንምክንኻንን ንናይ መጻምድኹም ጥዕና ንምኽባርን **ኮንዶም እቲ ዝበለጸ ተመክሮ እዩ**።

- ኣብ ዝኾነ ናይ ጥዕና መሳለያጣታት **ኮንዶማት ብነጻ ይዕደል**። ብዝያዳ ኸኣ፣ ኣብ ሓደሓደ ናይ ART ክሊኒክ ተሓከምቲ ኮንዶም ድሮ ብቐጥታ ኣብቲ ሳንዱቓት ስለ ዘሎ ንነርስታት ክሓቱ እውን ኣየድልዮምን እዩ።

## 7.2. ርክብ ምስ ተሓከምቲ

አብዚ ክኸውን ዝኽል **ኩነታት** ኣብ ጾታን ጾታዊ ፍልልያት ኣብ ኣቀራርባ ምክልኻልን ምክንኻንን HIV ብመሰረት እቲ ሓድሽ ዝተረኸበ ፍልጠት ምስ ክልቲኦም ማለት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኣወንታዊ ርክብ ተማዕብልሉ ጸብጻብ ክንህብ ኢና።



መግለጺ ናይቲ ኩነት ብኽኸውን ዝኽእል ጠቓሚ ክኸውን ዝኽእል ተስፋ ዝህብን ንዓኹም ጉዳይ ጾታን ጾታዊ ፍልልይን ኣብ ግምት ብምእታው ውጺኢታዊ ርክብ ምስ ተሓከምቲ ከተማዕብልሉ ትኽሉ **ዝርርብ** ዝተኸተለ እዩ።

**ወዲ** ኣነ ኮንዶም ክጥቀም ኣይደልን እየ ስለምታይ ነቲ ጾታዊ ርክብ ግላዊ ኣይገብሮን እዩ ከምኡ'ውን ኣየሐጉስከን እዩ!

**ንስኹም** እዚ ናይ በሓቂ ኣሚንካሉ ዲኻ ወይ ኣዕርኹትካ ክብሉ ሰሚዕካ ኢኻ? ዝኾነ ኾይኑ፣ ንመጻምድኻ ካብ HIV፣ ካብ ካልእ ብግብረ-ስጋዊ ርክብ- ዝመሓላለፍ ሕማማን ካብ ዘይተደለየ ጥንሲ ምክልኻልን ዝዓብይ ግላዊ ንገር የለን።

**ወዲ** ግን ኣነ HIV ተሰካሚ ኮይኑ ኣይስመዓንን እዩ…
ብውሽጠመትኒታት ዝኣትው ድራግ ተጠቒመ ኣይፈልጥን እየ ከምኡ'ውን ሓደገኛ ጠባያት ሃልዩኒ ኣይፈልጥን እዩ!

**ንኹም** ክሳብ ናይ HIV ምርመራ ትገብር ርግጸኛ ክትከውን ኣይትኽእል ኢኻ! ከምኡ'ውን ኣብዚ ነገር እዚ፣ ኩነታት ናይ መጻምድኻ እውን ርግጸኛ ኽትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ።

**ወዲ** ሕራይ፣ በሪሁለይ… ግን ኸኣ እኹል ገንዘብ ኸኣ የብለይን…

**ንስኹም** ኣይትሸገሩ ኮንዶም ኣብ ኩሉ ናይ ጥዕና መሳለጥያታት ብነጻ እዩ ዝዕደል። ስለዚ፣ እንድሕር ኣድልዩካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

እቲ **ወዲ** ናይ ግብረ-ስጋዊ ርክብ ምስ **ዓርኩጓል** ክፍጽም ደልዩ። እዛ ጓል ግን ርግጸኛ ኣይኮነትን **ኮንዶም** ክጥቀም ወይ ከምዘይጥቀም፤ ኮንዶም ምጥቃም ግን ኣገዳሲ ምዃኑ ትፈልጥ ኣያ፣ ግን ስለ ዝሓፈረት ክትሓቶ ኣይደለየትን።



**ጓል** መጻምድተይ ምስኡ ግብራዊ-ስጋ ክፍጽም ሓቲቱኒ ኣነ እውን ናይ በሓቂ ደልየ ኣለኹ፣ ግን ብናይ ግብራዊ-ስጋ ርክብ ናይ ዝመሓለለፉ ሕማማት እፈርህ እየ።

**ሸግር** እዚ ልሙድ እዩ! ግን ንናይ ግብራዊ-ስጋ ርክብ እቲ ውሑስ መንገዲ ኮንዶም ምጥቃም ጥራሕ እዩ፦ ካብ HIV፣ ፍንጣጣ፣ ጅግልን ዘይተደለየ ጥንሲን ይከላኸል። ብምጥቃምኪ ኸኣ ድሕነነት ይሰመዓኪ።

**ጓል** ሕራይ... ግን ንመጻምደይ ግበር ክብሎ ብጣዕሚ የሕፍረኒ እዩ... እዚ ናይ ሰብኣይ ስራሕ እዩ፣ ስለዚ ብዛዕብኡ ክሓስብ የብለይን።

**ንስኹም** ሓቂ ኣይኮነን። ምክልኻል ናይ ክልተ ወገናት ጉዳይ እዩ። ነዚ ስክፍታታት ክህልወኪ ንቡር እዩ ውሑስ ግብራዊ-ስጋ ክትፍጽሚ ኸኣ መሰልኪ እዩ።

**ጓል** ግን ኮንዶም ክጥቀም እንተሓቲተዮ ንዓይ HIV ተስካሚት ኣያ እሉ ክሓስብ ይኽእል ይኸውን...

**ንስኹም** እቲ ኣነ ኣቐዲመ ዝነገርኩኺ ክትገልጽሉ ኣሎኪ፡- ኮንዶም ምጥቃም ናይ ሕማምካ ምእማን ምልክት ኣይኮነን ግን ጥዕናኻ ትሕልወሉ መንገዲ እዩ ከምኡ'ውን፣ ብእኡ ምኽንያት ከኣ፣ ካብ ሓደ ናብ ሓደ ሰብ።

እቲ **ወዲ ተባዕታይ**፣ ኣቦ ክልተ ቆልዑት፣ **ተራፒ** ኣይከታተልን። ስለምታይ ከምዝኾነ ንኽትርድኡን ተራፒ ምክትታል ኣገዳሲ ምዃኑ ከተርድእዎን ፈትኑ፤ እንተ ደልዩ ስክፍትኡ ከካፍልን ዝድገፍ ዘሎ ኮይኑ ክስምዕን ኣለዎ፣ ግን ነዚ ክገብር ኣይግደድን እዩ።

**ንስኹም** ነቲ ናይ ልሙድ ምክትታል ኣብ ናይ ART ክሊንክ ኣይትመጽእን ኣለኻ ይመስለኒ፣ ካብዘይትመጽ ሰለስተ ኣዋርሕ ጌርካ ኣሎኻ። እንታይ ከምዝኾንካ ክትነግረኒ ትኽእል ዶ?

**ወዲ ተባዕታይ** ትፈልጥ... ንስዳራቤተይ ክሕግዝ ብጣዕሚ ስራሕ በዚሑኒ እዩ። ብዛይዳ ኸኣ፣ ብዛዕባ ኩነታትይ ዋላ ሓንቲ ኣይፈልጡን እዮም። ንኽመጽእ ዘይከእል ኮይኑኒ።

**ንስኹም** ብዛዕባ ኩነታትካ ምስ ስድራቤትካ ክትዛረብ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ጎድንኻ ክኾኑን ኣብቲ ዘድልየካ እዋን'ውን ክሕግዙኻ ይኽእሉ።

**ወዲ ተባዕታይ** እወ፣ ግን ከተሻቕሎም ከኣ ኣይትደልን ኢኻ። ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኸኣ፣ ከም ዝርዱእኒ ከምኡ'ውን ከም ዝሕግዙኒ ርግጸኛ ኣይኮንኩን...
ደቀይ ከኣ ብኣይ ሕፍረት ክስምዖም እዩ።

**ንስኹም** HIV ናትካ ሽግር እዩ። እዚ ናይ ግሊ ጸገም እዩ ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ ንስኻ ስክፍታኻ ተካፍሎ ደገፍ ክትቅበለሉ ትኽእል ትኣምኖ ሰብ ክህልወካ ኣገዳሲ እዩ። ግና፣ ምስ ዝኾነ ሰብ ክትካፈሎ ኣይትግደድን ኢኻ። ንእግረ መንገድና፣ ንኹሉ ነገራት፣ እቲ ሓደ መንገዲ ብልሙድ ምክትታልን ተራፒ ምውሳድን ጥራሕ እዩ ጥዕና ክትረክብን ነዊሕ ክትነብር ከምኡ'ውን ምስ ስድራኻ ምክፋል ጥራሕ እዩ።

## 7.3. ሕቶታት ኣብ መጽናዕቲ 7



እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ነዚ ኣብዚ መጽናዕቲ ዝተመያየጥናሉ ኣርእስቲታት ብቓልኩም ከትጽንዕዎ ክሕግዘኩም እዩ። ካብዞም ሰለስተ ዝተሓበሩ መልሲታት ሓደ ክትመርጹ ኣለኩም።

ብዛዕባ ልክዕ መልሲ ርግጸኛ እንተዘይኮንኩም፣ መልሲ ክትረኽቡ እንተ ደሊኹም በጃኹም ነዚ መጽናዕቲ ተመሊስኩም ርኣይዎ።

**1. ስለምንታይ እየን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ንላዕሊ ተራፒ ዝኣምና?**

ሀ) ምኽንያቱ ንጥዕና ክንክን፣ ብዝበለጸ ንናይ ቅድመወሊድ ጥዕና ክንክን ርክብ ስለ ዘለወንን፣ ብዝያዳ ኸኣ ንሕማመን ስለ ዝቕበለኦን እየን።

ለ) HIV ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ብዝያዳ ብርቱዕ ስለዝኾነ።

ሐ) ንምእማን ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተዕትዮን ፍልልይ የብሉን።

**2. ኣየናይ ካብዚ ምሉእ-ሓሳባት እዩ ቅኑዕ ብዛዕባ ኮንዶም?**

ሀ) ኣብ መጻምዲ እተ ወዲ ተባዕታይ እዩ ኮንዶም ክጥቀመን ከይጥቀምን ዝውስን።

ለ) ንኽሊቲኦም ማለት ንደቂ ተባዕትዮን ንደቂ ኣንስትዮን ኮንዶም እቲ ዝበለጸ ኣንጻር HIV፣ ብግብረ-ስጋ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማትን፣ ንዘይተደለየ ጥንስን መከላኸሊ እዩ።

ሐ) ኮንዶማት ብጣዕሚ ክቡርን ንኽርከብ ኣሸጋሪን እዩ።

# ጥብቆ። ቅድመ-ፈተና ንናይ መሰረታዊ ስልጠና ንናይ ክሊኒካዊ ኣርኣእያ ናይ HIV/AIDS

ቅድሚ እዚ ኮርስ ጅማር ተመሃሮ ነዚ ዝቕጽል ዘሎ ቅድመ-ፈተና ሕቶታት ክምልስዎ ኣለዎም። ዓለምቲ ነቲ መልሲታት ናይ ቅድመ-ፈተና ክእክብዎ እዮም። ነዚ ኮርስ ምስወዳእኩም፣ ናይ መወዳእታ ፈተና ክህልው እዩ። ዓለምቲ ነቲ መልሲታት ናይ መወዳኣታ ፈተና እውን ክእክብዎ እዮም ደሓር ምስቲ ናይ ፈለማይ ፈተና ውጽኢታት ክነጻጸር እዩ። ንኽልቲኡ ማለት ናትኩም ምዕበላን ውጽኢታዊነትን ናይቲ ኮርስ ንምምዝዛን እዚ ንዓና ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።



ኣላማጣ። ሽቀጥቲ ቃንጫ ሽኮር

# ቅድመ-ፈተና መጠይቓት

ሽምኩም______________________________________________

ዕድመ______________________________ ጾታ ______________________________________________

ዝለዓለ ናይ ትምህርቲ ደረጃ______________________________________________

ናይ ስራሕ ቦታ ______________________ግደ ______________________________________________

**1. ኮርስ ናይ ክሊኒካዊ ኣርኣእያ ናይ HIV ንዓኹም ጠቓሚ እዩ ኢልኩም ተሓስብዎ ዶ?**

☐ እወ ☐ ኣይፋል ☐ ኣይፈልጥን

**2. ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ኮርሳት ናይ ክሊኒካዊ ኣርኣእያ ናይ HIV/AIDS ተሳቲፍኩም ዶ?**

☐ እወ ☐ ኣይፋል ☐ ኣይፈልጥን

**3. ናይ ብዓወት ምዝዛም መስክር ወረቐት ምቕባል የገድሰኩም ዶ?**

☐ እወ ☐ ኣይፋል ☐ ኣይፈልጥን

**4. ኣብዚ ናይ ተሓከምቲ ማሕበራት ክንደይ ግዜ ጌርኩም?**

☐3 ኣዋርሕ ወይ ትሕቲኡ ☐ካብ 3 ኣዋርሕ ንላዕሊ ☐ ካብ ሓደ ዓመት ዝበዝሕ

**5. ኣፋውስ ን HIV ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ ኢልኩም ትሓስቡዶ?**

- ☐ እወ፣ ኣፋውስ HIV ምውሳድ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ
- ☐ ኣይፋል፣ ኣፋውስ HIV ምውሳድ ኣገዳሲ ኣይኮነን
- ☐ ኣይፈልጥን

**6. ንናይ HIV ተሓከምቲ ወትሩ ናይ ART ኣፋውስ ምውሳድ ኣገዳሲ ኢዩ ኢልኩም ተሓስቡ ዶ?**

- ☐ እወ፣ ወትሩ ART ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ
- ☐ ኣይፋል፣ ወትሩ ART ክትወስድ ኣገዳሲ ኣይኮነን
- ☐ ኣይፈልጥን

**7. ተሓከምቲ ART ኣብዝደለይዎ እዋን ክውስዱ ነጻ ድዮም?**

☐ እወ ☐ ኣይፋል ☐ ኣይፈልጥን

**8. cotrimossazole እንታይ ምዃኑ ትፈልጡ ዶ?**

☐ እወ ☐ ኣይፋል ☐ ኣይፈልጥን

**9. HIV ብ ኣየር እዩ ዝዝርጋሕ ኢልኩም ተሓስቡ ዶ?**

- ☐ ኣይፋል፣ HIV ቀንዲ ብዘይመከላኸሊ ግብረ-ስጋ ርክብ ብምፍጻም እዩ ዝመሓላለፍ
- ☐ እወ፣ HIV ቀንዲ ብዘይመከላኸሊ ግብረ-ስጋ ርክብ ብምፍጻም እዩ ዝመሓላለፍ
- ☐ ኣይፈልጥን

**10. ብ HIV ዝተለኽፉ ተሓከምቲ ንኻልኦት ሰባት ከይልብዱ ምእንቲ ንበይኖም ተፈልዮም እንተዝነብሩ ዝሓሸ እዩ ኢልኩም ዶ ትሓስቡ?**

☐ ኣይፋል፣ ዝተለበዱ ተሓከምቲ እቲ ንቡር ሂወት ክህልዎም ይኽእልን ስርሖምን ንጥፈታቶም ክሰርሑ ክቕጽሉን፣ ትምህርቲ ክኸዱን፣ ስድራ ክህልዎምን ይኽእል እዩ።

☐ እወ፣ እቲ ዝበለጸ ዝተለበዱ ተሓከምቲ ንበይኖም ምፍላይን ምስኦም ዘይምርኻብን እዩ

☐ ኣይፈልጥን



# ናይ ተመሃሮ መዘኻኸሪታት

ኮርስ ኣብ ዝወሃበሉ ጊዜ ተመሃሮ መዘኻከሪ ክጽሕፉ ብጣዕሚ ጠቓሚ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንዓኹም ጠቓሚ እዩ ኢልኩም እትሓስብዎ መዘኻኸሪ፣ ምስ መሳርሕትኹም ክትመያየጥሉ ትደልዩ ሓሳባት፣ ክትሓትዎ ትደልዩ ሕቶታት፣ ርእይቶታት ንምምሕያሽ፣ ከምኡ'ውን ዝኾነ ካልእ ነገር ነዚ ኮርስ የገድስ እዩ ኢልኩም እትሓስብዎ፣ ኣብ ጥራዝ ወይ ከኣ ኣብዚ ገጻት ክትጽሕፍዎ ትኽእሉ። ንመምህርኩም ሕቶታት ክትሓቱ ትኽእሉ ወይ ኢ-መይል ኣብ፡ **contact@casaproject.info** ክትሰዱ ትኽእሉ

## ሓፈሻዊ ርእይቶ ኣብቲ ኮርስ

## ሕቶታትን ለወባታትን ኣብ መጽናዕቲ 1

### HIV እንታይ እዩ፣ ብኸመይ እዩ ዝመሓላለፍ ብኸመይ ከ ክከላኸል ይከኣል

## ሕቶታትን ለወባታትን ኣብ መጽናዕቲ 2

### ስለምንታይ antiretroviral ተራፒ (ART) ይወስድ

# ሕቶታትን ለወባታትን ኣብ መጽናዕቲ 3

## ምእማን ን ART

# ሕቶታትን ለውባታትን ኣብ መጽናዕቲ 4

### ሓበሬታ ኣብ ናይ ART ኣፋውስ

# ሕቶታትን ለወባታትን ኣብ መጽናዕቲ 5

## ስለምታይ cotrimossazole ትወስዱ

# ሕቶታትን ለውባታትን ኣብ መጽናዕቲ 6

## ምስ HIV/AIDS ምንባር

## ሕቶታትን ለውባታትን ኣብ መጽናዕቲ 7

### ቀንዲ ስክፍታታት ንደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን



ኣብ-ገዛ ተሓቲሙ ብ
Istituto Superiore di Sanità
Viale Regina Elena, 299
00161 Rome (Italy)

ጉንበት (May) 2015



እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ ንናይ ማሕበር ተሓከምቲን ምስ ፕሮጀክት CASA ዝሰርሑ ናይ ጥዕና ሰራሕተኛታት፣ መሻርኸቲ ናይ ኢትዮጵያ ቤት ጽሕፈት ጥዕና ናይ ትግራይ፣ ወናኒ ናይዚ ፕሮጀክት፣ መቐለ ዩኒቨርሲቲን Istituto Superiore di Sanità (ISS)፣ ናይ ሃገራዊ ትካል ጥዕና (National Institute of Health) ኣብ ዓዲ ጥልያን ዝዛረብ ክፋል ናይ ስልጠና ፕሮግራም እዩ። መሰረታዊ ሓበሬታ ኣብ ናይ ክሊኒካዊ ኣርኣእያ ናይ HIV/AIDS ከምኡ'ውን ዝተመሓየሸ ናይ ርክብ ስልቲታት ንናይ ፕሮጀክት CASA ዕላማታት ብዝበለጸ ውጽኢታዊ መንገዲ ንምብጻሕ ኣበክቶ ይህብ።

ፓውላ ደ ካስትሮ *(Paola De Castro)* ተመራማሪት ኣብ ISS፣ ሓላፊት መዘርግሒ ኣሃዱን ናይ ዝተፈላለየ ዓለም-ለኻዊ ጆርናላት ኣሳናዳእቲ ኮሚቴታት ኣባል እያ፤ ደጋፊት ናይ ክፉት መራኸቢ ንናይ ሳይንቲፊካዊ ሓበሬታትን ጭብጢታትን፣ ኣብ ናይ ሳይንቲፊካዊ ምትሕብባር ንናይ ህዝባዊ ጥዕናን ንናይ ዝተፈላለዩ ዕላማታት ማለት ኣብ ኣዉሮጳ፣ ኣፍሪቃን ላቲን ኣመሪካን ናይ ጥዕና ሓበሬታ ንምዝርጋሕን ትጕስጕስ።

ፍረደሪካ ማኘ *(Federica Magnè* ) ኣብ 2012 ካብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ጀኖኣ(Genoa) ዝተመረቐት ኢጣልያዊት ሓኪም፣ ኣብዚ ሕጂ እዋንዚ ከም ነባሪት ኣብ ናይ ተላባዲ ሕማማት ኣብ ሳን ማርቲኖ (San Martino's) ሆስፒታል፣ ዩኒቨርሲቲ ናይ Genoa ትሰርሕ ዘላ እያ። ንሳ ኣብዚ ፕሮጀክት CASA ከም ክሊኒካዊ ደጋፊት ትዋሳእ ዘላን ኣብ ሚያዝያ-ጉንበት 2015 ኣብ ኢትዮጵ ዝሰርሐት እያ።

*ፓውላ ታታረሊ (Paola Tatarelli* ) ኣብ 2011 ካብ ዩኒቨርሲቲ ናይ ሮማ ቶር ቨርጋታ (Rome Tor Vergata) ዝተመረቐት ኢጣልያዊት ሓኪም ኣብዚ ሕጂ እዋንዚ ከም ነባሪት ኣብ ናይ ተላባዲ ሕማማት ኣብ ሳን ማርቲኖ (San Martino's) ሆስፒታል፣ ዩኒቨርሲቲ ናይ Genoa ትሰርሕ ዘላ እያ። ንሳ ኣብዚ ፕሮጀክት CASA ከም ክሊኒካዊ ደጋፊት ትዋሳእ ዘላን ኣብ ሚያዝያ-ጉንበት 2015 ኣብ ኢትዮጵ ዝሰርሐት እያ።

ብ *ISS* መዘርግሒ ኣሃዱ፣ ተሳናድዩ